# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቑ.1
መቐለ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ. 1
መቐለ ታህሣሥ 5/2000 ዓ/ም


## ኣዋጅ ቁፅሪ 136/ 2000 ዓ.ም

### ዝተመሓየሸ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ንምምሕዳር ንክልላት ዝተውሃበ ስልጣን ኣብ ስራሕ ዝውዕል ብመሰረት መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዘውፅኦ ሕጊ ምዃኑ ናይ ኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 52/2/መ/ ስለዝድንግግ፥

ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቁፅሪ 456/ 1997 ዓንቀፅ 17/1/ ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዘድልዩ ዝርዝር ድንጋጌታት ዝሓዘ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ዝምልከት ሕጊ ብቤት ምኽሪ እዚ ክልል ንክወፅእ ስለዝድንግግ፥

ነዚ መሰረት ብምግባር ቅድም ክብል ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 97/98 ምስ መሬት ተኣሳሲሮም ንዝልዓሉ ጉዳያት ብዝርዝር ብዝምልስ፥ ፍትሓውን ሚዛናውን ሕጊ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንክህሉ ነዚ ኣዋጅ ምምሕያሽ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፥

| | |
|---|---|
| ናይ ሓደ ዋጋ<br>ያንዱ ዋጋ | ብር 5.50 |

## አዋጅ ቁጥር 136/2000 ዓ.ም

### የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተሻሻለ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ

መሬትና የተፈጥሮ ሀብትን ለማስተዳደር ለክልሎች የተሰጠው ስልጣን በስራ ላይ የሚውለው የኢትዮጵያ የፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት በሚያወጣው ህግ መሰረት መሆኑን የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ-መንግት አንቀፅ 52/2/መ/ ስለሚደነግግ፥

የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ ቁጥር 456/1997 አንቀፅ 17/1/ ይህን አዋጅ ለማስፈፀም የሚያስፈልጉ ዝርዝር ድንጋጌዎችን የያዘ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት ህግ በዚህ ክልል ምክር ቤት እንዲወጣ ስለሚደነግግ፥

ይህን መሰረት በማድረግ ቀደም ሲል የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 97/98 ከመሬት ጋር ተያይዘው ለሚነሱ ጉዳዮች በዝርዝር ምላሽ በሚሰጥ፥ ፍትሃዊና ሚዛናዊ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ህግ እንዲኖር አዋጁን ማሻሻል አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፥


| | |
|---|---|
| ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ<br>ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ | 291 |

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተማሓይሹ ብዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

## 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ዝተመሓየሸ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 136/2000 ዓ.ም " ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል፡፡

## 2. ትርጉም

ናይቲ ቃል ኣተኣታትዋ ካኢእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፡-

1. "ውላድ ጡብ " ማለት ብመሰረት ሕጊ ቤተሰብ ክልል ትግራይ ሓደ ቆልዓ ምስ መዕበይኡ ብዝፍፀሞ ውዕሊ ዝፍጠር ዝምድና እዩ፣
2. " ዝምልከቶ ኣካል " ማለት ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 77/1996 ዓ.ም ዝተጣየሸን መሬት ገጠር ንኽመሓድር ስልጣን ዝተውሃቦ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ማለት እዩ፣
3. "ዴስክ" ማለት ኣብ ወረዳ ናይቲ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ተግባርን ሓላፍነትን ንምፍፃም ዝቘመ መሓውር እዩ፣
4. "መሬት ገጠር" ማለት ካብ ክሊ ቤት ማዘጋጃ ወፃኢ ወይ ድማ ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ "ከተማ" ተባሂሉ ካብ ዝተወሰነ ወፃኢ ዝርከብ ዝኾነ መሬት እዩ፣
5. "ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት " ማለት ንሓደ ስድራ ውሕስና ምግቢ ከረጋግፅ ዝኽእል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 18 ተገሊፁ ዘሎ መጠን ትሕዝቶ መሬት እዩ፣
6. "ሽግሽግ መሬት " ማለት ትሕዝቶ መሬት ፍትሓዊ ብዝኾነን ብዝተመጣጠነን መንገዲ መሬት ንዘይብሎም ክባፃሕን ሓረስታይ ብሓባር ዝጥቀመሉ ዝድልደለሉን መሬት ተፈሊዩ ዝኽለለሉን መሬት ገጠር ተግባር እዩ፣
7. " ሕዛእቲ " ማለት ኣብ ሓደ ዝተኸለለ ከባቢ ብፍሉይ ንሕዛእቲ ተባሂሉ ዝተኸለለ ሳዕርን ኣግራብን ዘለዎ መሬት እዩ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው ሕገ-መንግስት አንቀጽ 49/3//ሀ/ በተሰጠው ሥልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል፡፡

## 1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተሻሸለ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 136/2000 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፡፡

## 2. ትርጉም

በቃሉ ኣገባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ አዋጅ ውስጥ፡-

1. "ጉዲፈቻ" ማለት በትግራይ ክልል የቤተሰብ ህግ መሰረት አንድ ልጅ ካሳዳጊው ጋር በሚፈጽመው ውል የሚፈጠር ዝምድና ነው፣
2. "የሚመለከተው ኣካል" ማለት በአዋጅ ቁጥር 77/1996 ዓ.ም የተቋቋመ የገጠር መሬት ለማስተዳደር ስልጣን የተሰጠው የአከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን ማለት ነው፣
3. "ዴስክ" ማለት የአካባቢ ጥበቃ፣ የመሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን ተግባርና ኃላፊነትን ለማስፈፀም በወረዳ የተቋቋመ መዋቅር ነው፣
4. "ገጠር መሬት" ማለት ከማዘጋጃ ቤት ክልል ውጪ ወይም አግባብነት ባለው ሕግ "ከተማ" ተብሎ ከተወሰነ ውጪ የሚገኝ ማንኛውም መሬት ነው፣
5. "ኣነስተኛ የመሬት ይዞታ" ማለት የአንድ ቤተሰብ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥ የሚችል የገጠር መሬት ይዞታ ሆኖ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 18 የተገለፀው የመሬት ይዞታ መጠን ነው፣
6. "የመሬት ሽግሽግ" ማለት የመሬት ይዞታ ፍትሃዊ በሆነና በተመጣጠነ መንገድ መሬት ለሌላቸው ለማዳረስና ገበሬው በጋራ የሚጠቀምበት መሬት ተለይቶ የሚከለልበትና የገጠር መሬት የሚደላደልበት ተግባር ነው፣
7. "ግጦሽ" ማለት በአንድ የተከለለ አካባቢ በተለይ ለግጦሽ ተብሎ የተከለለ ሳርና ዛፎች ያሉት መሬት ነው፣

8. "ትርፊ መሬት" ማለት ብሕጋዊ መንገዲ ዘይተዓደለን ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ዝርከብ መሬት፣ ወራሲ ዘይብሉ መሬት፣ ጎቦታት፣ ጉህምታትን ወናኒ ዘይብሉ ክፍቲ መሬትን ዘጠቓለለ እዩ፣

9. "ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ቁሸት ዝተጣየሸ ሓዊሱ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምፍፃም ምምሕዳራውን ስልጣን ዳይነትን ዝተውሃቦ ኣብ ጣብያ ዝጣየሸ ኮይኑ ድሕሪ ሕዚ ኮሚቴ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ኣካል እዩ፡፡

## 3. ብዛዕባ ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኹሉ ንኣንስታይ ፆታ'ውን ዘካትት እዩ፡፡

## 4. ወሰን ተፈፃምነት

እዚ ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከብ ዝኾነ መሬት ገጠር ተፈፃምነት ይህልዎ፡፡

## 5. መሰል ምርካብን ምጥቃምን መሬት ገጠር

1. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር፡-

ሀ. ብሕርሻ ስራሕ ክመሓደር ንዝደሊ ሓረስታይ ናይ መሬት ገጠር ብነፃ ክረክብ ይግበር፣

ለ. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ብመሬት መቐሎ ወይ ብሽግሽግ ዝረኸቦ ትሕዝቶ መሬቱ ብዘይ ምንም ገደብ ጊዜ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ፣

ሐ. ንትሕዝትኡ መረጋገፂ ደፍተር ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ወይ ኣብ ወረዳ ዴስክ ይወሃቦ፡፡ እቲ መሬት ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ትሕዝቶ እንተኾይኑ ናይ ሓባር መረጋገፂ ደፍተር ይውሃቦም፣

መ. ዕድሚኡ 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ ብናይ ሕርሻ ሙያ ክመሓደር ዝደሊ ዝኾነ ናይቲ ዓዲ ዜጋ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰሉ ዝተረጋገፀ ኮይኑ ኣቦእምን ኣዴእምን ብሞት ወይ ብኻሊእ ኩነታት ዝሰኣኑ ቆልዑት 18 ዓመት ክሳብ ዝመልእም ብሕጋዊ መዕበይቶም ኣቢሎም ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም፣



8. "ትርፍ መሬት" ማለት በህጋዊ መንገድ ያልታደለ በተለያዩ ተጠቃሚዎች እጅ ውስጥ የሚገኝ መሬት፣ ወራሽ የሌለው መሬት፣ ተራሮች፣ ቦርቦርና ባለቤት የሌለው ክፍት መሬትን የሚያጠቃልል ነው፣

9. "የጣብያ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት፡ እንደየአሰፈላጊነቱ በጎጥ የሚቋቋምን ጨምሮ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀምን ለማስፈፀም አሰተዳደራዊና የዳኝነት ስልጣን የተሰጠው በቀበሌ ደረጃ የሚቋቋም ሆኖ ከዚህ በኋላ ኮሚቴ እየተባለ የሚጠራ አካል ነው፡፡

## 3. የፆታ አገላለፅ

በዚህ አዋጅ ውስጥ በወንድ ፆታ የተገለፀ ሁሉ የሴትንም ፆታ ያካትታል፣

## 4. የተፈፃሚነት ወሰን

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ውስጥ በሚገኝ በማንኛውም የገጠር መሬት ተፈፃሚነት ይኖረዋል፡፡

## 5. የገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት

1. በዚህ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ መሰረት፡-

ሀ. በግብርና ስራ ለመተዳደር የሚፈልግ አርሶ አደር የገጠር መሬት በነፃ እንዲያገኝ ይደረጋል፣

ለ. እያንዳንዱ አርሶ አደር በመሬት ክፍፍል ወይም በሽግሽግ ባገኘው ይዞታ ያለምንም የጊዜ ገደብ የመጠቀም መብት አለው፣

ሐ. ለይዞታው ማረጋገጫ ደብተር በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ወይም በወረዳ ዴስክ ይሰጠዋል፡፡ መሬቱ የባልና ሚስት የጋራ ይዞታ ከሆነ የጋራ ማረጋገጫ ደብተር ይሰጣቸዋል፡፡

መ. ዕድሜው 18 ዓመትና ከዚያ በላይ የሆነና በግብርና ሙያ ሊተዳደር የሚፈልግ ማንኛውም የሀገሪቱ ዜጋ በገጠር መሬት የመጠቀም መብቱ የተረጋገጠ ሆኖ እናትና አባታቸውን በሞት ወይም በሌላ ሁኔታ ያጡልጆች 18 ዓመት እስኪሞላቸው ድረስ በህጋዊ ሞግዚታቸው አማካኝነት በገጠር መሬት የመጠቀም መብት አላቸው፣

ረ. ኣብ ሕርሻ ስራሕቲ ክዋፈራ ዝደልያ ደቂ ኣንስትዮ መሬት ገጠር ምርካብን ምጥቃምን መሰል ኣለወን፣

ሰ. ቅድም ክብል ብባይቶን ናይ መሬት ስሪትን ብቢሽባቢኡ ዝተገበረ ናይ መወዳእታ መቐሎ መሬት ብዚ ኣዋጅ ቅቡል እዩ፣

ሸ. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሰ" ዝተገለፀ ድንጋገ ኣብ ግድባት ከባቢ ንዝግበር ናይ መሬት ሽግሽግ ኣይሓውስን፣

2. ዝኾነ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሓረስታይ ካብ ቤተሰቡ ብውህብቶ ወይ ብውርሲ ወይ ድማ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ብዓል መዚ ናይ መሬት ገጠር ብትሕዝቶ ክረክብ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ብውህብቶ መሬት ገጠር ምርካብ ዝክኣል ኮይኑ፡-
   ሀ. ውህብቶ ዝፍቀድ ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንዘይብሉ ውሉድ ወይ ወላዲ ጥራሕ ይኸውን፣
   ለ. ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ወይ ወረዳ ዴስክ እናተረጋገፀ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ፡፡ ቅዳሕ እቲ ሰነድ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ወረዳ ዴስክን ይቕመጥ፣
4. ዝኾነ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻን ካልኦት ዘፈራት መሬት ገጠር ንምጥቃም ክዋፈር ዝደለየ በዓል ሃፍቲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅን ሕጊ ኢንቨስትመንትን ምስ ሓረስታይ ወይ ድማ ኣግባብ ምስ ዘለዎ በዓል መዚ ብዝገብሮ ውዕሊ ክራይ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡

## 6. ብዛዕባ ምክራይ መሬት

1. ደፍተር መረጋገፂ ትሕዝቶ ዝተውሃቦም ሓረስቶት ካብ ዘለዎም መሬት ካብ ፍርቂ መጠን ዘይንእስ ንባዕሎም ብምትራፍ ንዕዖም ብዘየፈናቕል መልክዑ ዝተረፈ መሬቶም ንኻሊእ ሓረስታይ ወይ ባዓል ሃፍቲ ክካርዩ ይኽእሉ፣
2. ሰብኣይን ሰበይትን ሰብ ሓዳር ዝኾኑ መሬቶም ብናይ ክልቲኦም ስምምዕነት ጥራሕ ይካረ፣
3. ሓረስታይ ብውልቀ ምስ ተኻረይቲ ዝገብሮ ናይ መሬት ክራይ ስምምዕ፡-



ሠ. በግብርና ስራ ሊሰማሩ የሚፈልጉ ሴቶች ገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት ላቸው፣

ረ. ቀደም ሲል በሸንጎና በአከባቢ የመሬት ደንብ መሰረት በየአከባቢው የተደረገው የመጨረሻ የመሬት ክፍፍል በዚህ አዋጅ ተቀባይነት አለው፡፡

ሰ. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ፊደል "ረ" የተጠቀሰው ድንጋጌ በግድቦች አካባቢ የሚደረገውን የመሬት ሽግሽግ አይጨምርም፣

2. ማንኛውም በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ያለው አርሶ አደር ከቤተሰቡ በስጦታ ወይም ውርስ ወይም አግባብ ካለው ባለስልጣን ገጠር መሬት ይዞታ ማግኘት ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 በስጦታ የገጠር መሬት ማግኘት የሚቻል ሆኖ፡-
   ሀ. ስጦታ የሚፈቀደው የገጠር መሬት ይዞታ ለሌው ልጅ ወይም ወላጅ ብቻ ይሆናል ፣
   ለ. በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ወይም በወረዳ ዴስክ እየተረጋገጠ በወረዳ ወይም በንኡስ ወረዳ ፍትህ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዘገባል፡፡ የሰነዱ ቅጂ በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ እና በወረዳ ዴስክ ይቀመጣል፣
4. በማንኛውም የግብርናና በሌሎች የስራ ዘርፎች የገጠር መሬትን በመጠቀም ስራ ላይ ለመሰማራት የፈለገ ማንኛውም ባለሃብት በዚህ አዋጅና በኢንቨስትመንት ህግ መሰረት ከአርሶ አደር ወይም አግባብ ካለው ባለስልጣን በሚያደርገው የኪራይ ውል መሬት የመጠቀም መብቱ የተጠበቀ ነው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 6. መሬት ስለማከራየት

1. የይዞታ ማረጋገጫ ደብተር የተሰጣቸው አርሶ አደሮች ካላቸው መሬት ከግማሽ የይዞታ መጠን የማያንስ ለራሳቸው በማስቀረት እነሱን በማያፈናቅል መልኩ የተረፈ መሬታቸው ለሌላ አርሶ አደር ወይንም ባለሃብት ማከራየት ይችላሉ፣
2. የባልና የሚስት ባለትዳሮች የሆኑ መሬታቸው በሁለቱም ስምምነት ብቻ ይከራያል፣
3. አርሶ አደሩ በግሉ ከተከራዮች ጋር የሚያደርገው የመሬት ክራይ ስምምነት፡-

ሀ. ካብ ልማዳዊ ናይ ሕርሻ ሜላ ወፃኢ ዝኾነ ቴክኖሎጂ ንዝጥቀም እንተኾይኑ ክሳብ 20 ዓመት፣

ለ. በቲ ልማዳዊ ኣገባብ ዝግበር ኪራይ እንተኾይኑ ብተኸታታሊ ካብ ሰለስተ ዓመት ንዘይበልፅ ግዘ ይኸውን፣

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝግበር ውዕሊ መሬት ኪራይ ዝምልከት ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን ፡፡

## 7. ብመንግስቲ ዝካረ መሬት

1. መንግስቲ ኢኮኖሚያዊ ረብሕኡ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሞንጎ ተኻረይትን ዝምልከቶ ኣካልን ብዝግበር ውዕሊ መሬት ክካሪ ይኽእል እዩ፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ዝግበር ውዕሊ ክራይ መሬት ናይቲ ሓረስታይ ጥቕሚ ብዝጎድእ መልክዑ ክኸውን የብሉን፣
3. መጠን መሬትን ናይቲ ኢንቨስትመንት ዓይነትን እናተርኣየ ብመንግስትን ሰብ ሃብትን ዝግበር ውዕሊ ክራይ ሕርሻ መሬት ክሳብ 50 ዓመት ዝፀንሕ ይኸውን፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 ዝተቐመጠ ዘበን ውዕሊ ክራይ መሬት ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ገጠር ዝግበር ናይ ኢንዱስትሪ ኢንቨስትመንት ዘበን ውዕሊ ብመሰረት ሕጊ ኢንቨስትመንት ይውሰን፣
5. ትሕዝቶ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ከምኡ'ውን ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ትካላት ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎምን ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዝ ገደብን ብዝመልከት ብደንቢ ይውሰን፣
6. ተመን ክፍሊት ክራይ መሬትን ኣፈፃፅምኡን ብዝምልከት ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

## 8. በብዛዕባ ንሕርሻ ኢንቨስትመንት ዝኸውን መሬት ምርካብ ፡-

1. ኣብ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ስራሕ ክዋፈሩ ዝደልዩ ሰብ ሃፍቲ መሬት ገጠር ክረኽቡ ዝኽእሉ፡-

ሀ. ካብ 100,000 ብር - 250,000 ብር ርእሰማል ንዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ምስ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብዝእሰር ውዕሊ፣

ሀ. ከባህላዊ የእርሻ ዘዴ ውጪ የሆነ ቴክኖሎጂ ለሚጠቀም ተከራይ እስከ 20 ዓመት፣

ለ. በልማዳዊ የእርሻ ዘዴ ለሚጠቀም ተከራይ ከሆነ በተከታታይ ከሶስት ዓመት ላልበለጠ ጊዜ ይሆናል፣

4. በዚህ አንቀጽ መሰረት የሚደረግ የመሬት ኪራይ ውል ዝርዝር አፈፃፀም በተመለከተ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 7. በመንግስት የሚከራይ መሬት

1. መንግስት ኢኮኖሚያዊ ጠቀሜታውን ከግምት ውስጥ በማስገባት፣ በተከራዮችና አግባብ ካለው አካል በሚደረግ ውል መሬት ሊያከራይ ይችላል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የሚደረግ የመሬት ክራይ ውል የአርሶ አደሩን ጥቅም በሚጎዳ መልኩ መሆን የለበትም፣
3. የመሬቱ መጠንና የኢንቨስትመንት ዓይነት እየታየ በመንግስትና ባለሃብቶች የሚደረግ የመሬት ክራይ ውል እስከ 50 ዓመት የሚቆይ ይሆናል፡፡ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 3 የተቀመጠው የእርሻ መሬት ኪራይ ውል ዘመን እንዳለ ሆኖ በገጠር መሬት የሚደረግ የኢንዱስትሪ ኢንቨስትመንት የውል ዘመን በኢንቨስትመንት ህግ መሰረት ይወሰናል፣
5. የመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ እንዲሁም የማሕበራዊና ኢኮኖሚያዊ ተቋማት ይዞታ እና በመሬት የመጠቀም መብታቸው ፀንቶ የሚቆይበት ጊዜ ገደብ በተመለከተ በደንብ ይወሰናል፣
6. የመሬት ኪራይ ክፍያ ተመንና አፈጻጸሙ በሚመለከት ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

## 8. ለግብርና ኢንቨስትመንት የሚሆን መሬት ስለማግኘት

1 በግብርና ኢንቨስትመንት ስራ ሊሰማሩ የሚፈልጉ ባለሃብቶች የገጠር መሬት ሊያገኙ የሚችሉት፡-

ሀ. ከ100,000 ብር - 250,000 ብር ካፒታል ለሚያሰማሩ ባለሃብቶች ከአካባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን በሚቷሰር ውል፣

ለ. ካብ 250,000 ብር ንላዕሊ ርእሰማል ንዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ ናይ ኢንቨስትመንት ሰርትፊኬት ካብ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ምስረኸቡ ምስ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብዝእሰሮ ውዕሊ ይኸውን፣

2 ስራሕ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ንምክያድ ዝደልይዎ መሬት ተፀኒዑ ነፃን ፀገም ዘይፈጥር ምኳኑ በቲ ወረዳ ምምሕዳር፣ ዴስክን ጣብያ ምምሕዳርን ተረጋጊፁ ምስቀረበ ናይ ኢንቨስትመንት ወረቀት ምስክር ይረኽቡ፡፡ እዚ ቅድመ ኩነታት ተማሊኡ ምስቀረበ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብዝግበር ውዕሊ መሬት ይረኽቡ፣

## 9. ኣብ ስራሕ ሕርሻ ብዛዕባ ዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ

ካብ መንግስቲ መሬት ገጠር ተኻርዩ ዝጥቀም ብዓል ሃፍቲ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዉዎ፡-

1. ካብ መንግስቲ ሕርሻ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ኣብ ትሕዝትኡ ዝርከብ መሬት ምዕቃብን ዝተወሰነ ኢድ ናይ ትሕዝቶ መሬት ንእግራብ ልምዓት ክውዕል ኣለዎ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
2. ካብ ሕርሻ ወፃኢ ንዝኾነ ንኢንቨስትመንት ስራሕ ዝውዕል መሬት ዝሓቱ ሰብ ሃፍቲ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብመሰረት ብዝግበር ውዕሊ ይፍፀም፣
3. ካብ መንግስቲ መሬት ገጠር ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ነቲ ዝተኻረዮ መሬት ንኻሊእ ሰብ ምክራይ ዝተኸልከለ እዩ፡፡

## 10. ምምዝጋብን ምዕዳቕን ውዕሊ ኪራይ መሬት ገጠር

1. ሓደ ሓረስታይ ምስ ካሊእ ሓረስታይ ዝግበር ወዕሊ ክራይ መሬት ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር እናተረጋገፀ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ፣
2. ኣብ ሞንጎ ሓረስታይን በዓል ሃፍትን ዝግበር ውዕሊ ክራይ መሬት ብወረዳ ዴስክ መረጋገፂ እንዳቐረበሉ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ፣
3. ቅዳሕ ሰነድ ውዕሊ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠርን ወረዳ ዴስክን ይቕመጥ፣



ለ. ከ250,000 ብር በላይ ካፒታል ለሚያሰማሩ ለሃብቶች የኢንቨስትመንት ሰርትፍኬት ኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ካገኙ በኋላ አከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር የመሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን ጋር በሚያስሩት ውል ይሆናል፣

2. የግብርና ኢንቨስትመንት ስራ ለማካሄድ የሚፈልጉትን መሬት ተጠንቶና ነፃ ችግር የማይፈጥር መሆኑን በወረዳው አስተዳደር፣ በዴስክና በጣብያ አስተዳደር ተረጋግጦ ከቀረበ በኋላ የኢንቨስትመንት የምስክር ወረቀት ያገኛሉ፡፡ ይህ ቅድመ ሁኔታ ተሟልቶ እንደቀረበ ከሚመለከተው አካል በሚደረግ ውል መሬት ያገኛሉ፣

## 9. በግብርና ስራ ስለተሰማሩ ባለሃብቶች

ከመንግስት የገጠር መሬት ተከራይቶ የሚጠቀም ባለሃብት የሚከተሉት ግዴታዎች አሉት፡-

1. ከመንግስት የእርሻ መሬት የተከራየ ባለሃብት በይዞታው የሚገኝ መሬት መጠበቅና የይዞታ መሬት የተወሰነውን ክፍል ለዛፎች ልማት ማዋል አለበት፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡
2. ከግብርና ውጪ የሚውል መሬት የሚጠይቁ በለሃብቶች ከሚመለከተው አካል ጋር በሚደረግ ውል መሰረት ይፈፀማል፣
3. ከመንግስት የገጠር መሬት የተከራየ ባለሃብት ተከራየውን መሬት ለሌላ ሰው ማከራየት የተከለከለ ነው፡፡

## 10. የገጠር መሬት የኪራይ ውልን ስለ መመዝገብና ማዕደቅ

1. አንድ አርሶ አደር ከሌላ አርሶ አደር ጋር የሚያደርገው የመሬት ኪራይ ውል በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ እየተረጋገጠ በወረዳ ወይም ንኡስ ወረዳ የፍትህ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዘገባል፣
2. በአርሶ አደርና ባለሃብት መካከል የሚደረግ የመሬት ኪራይ ውል በወረዳ ዴስክ ማረጋገጫ እየቀረበለት በወረዳ ወይም ንኡስ ወረዳ ፍትህ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዘገባል፣
3. የውል ሰነድ ቅጂ በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴና በወረዳ ዴስክ ይቀመጣል፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንዝተቐመጡ ድንጋገታት ብዝምልከት ዝርዝር ኣፈፃፅመኦም ብደንቢ ይውሰን ፡፡

## 11. ኣጠቓቕማ ተሓራሳይ መሬት

1. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ኣብ ትሕዝትኡ ዝርከብ መሬት ናይ ምጥቃም ፣ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብውህብቶ ምምሕልላፍን ዓንቀፅ 6 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ምክራይን መሰሉ ዝተሓለወ ኮይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬቱ ዝስዕቡ ግቡኣት ይህልዉዎ፣
   - ሀ. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣጠቓቕማ ኣግራብት ብርሰት ብዘይዕድም ክኸውን ኣለዎ፣ ካብዚ ወፃኢ ብዝኾነ ኣጠቓቕማ ንዝበርሱ ኣግራብት ተሓታታይ ይኸውን፣
   - ለ. ኣብ ሞንጎ ግራውቲ ዘሎ ደረት/ዓርሞ/ ዘፍርስ ክኸውን የብሉን ፣
   - ሐ. ተሓራሳይ መሬት ካብ ወሰን ሩባታትን ዓበይቲ ጉህሚታትን እንተነኣሰ ሰለስተ ሜትር ብምርሓቕ ክሓርስ ኣለዎ፣
   - መ. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ መሬቱ ክዕቀን እንትሕተት ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ፣
   - ረ. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ካብ ዝተፈቐደሉ ናይ መጠኝ መሬት ወፃእ ኣብ ተሓራሳይ መሬቱ መንበሪ ገዛ ምስራሕ ዝተኸልከለ እዩ፣ ነዚ ጥሒሱ ገዛ ሰሪሑ ዝተረኸበ ሓረስታይ ብገበን ዝህልዎ ተሓታትነት ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ብዘይኣግባብ ዝተሰርሐ ገዛ ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ብቐጥታ ክፈርስ ይግበር፡፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡
2. ሕድ ሕድ ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሰብ ኣብ ውልቀ ትሕዝቶ ይኹን ኣብ ናይ ሓባር መሬት ሓመድን ማይን ክዕቅብን ኣግራብ ክተክልን ግቡእ ኣለዎ ፡፡

## 12. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል

1. መሬት ተመቒሎም ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ብዘይብቑዕ ምኽንያት መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ጣብያ ለቒቖም ዝኸዱ ከምኡ'ውን ቅድም ክብል ኣብ ከተማ ወይ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ወፃኢ ኮይኖም ናይ ዝተመቐሉ ሰባት መሬቶም ተወሲዱ በቲ ከባቢ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር

4. በዚህ አንቀጽ ለተቀመጡት ድንጋጌዎች በተመለከተ ዝርዝር አፈጻጸማቸው በደንብ ይወሰናል፡፡

## 11. ስለሚታረስ መሬት አጠቃቀም

1. እያንዳንዱ አርሶ አደር በይዞታው ስር የሚገኝ መሬት የመጠቀም፣ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 5 ንኡስ አንቀጽ 3 በስጦታ የማስተላለፍና አንቀጽ 6 ንኡስ አንቀጽ 1 መሰረት የማከራየት መብቱ የተጠበቀ ሆኖ በመሬቱ አጠቃቀም የሚከተሉት ግዴታዎች ይኖሩታል፤
   - ሀ. በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙት ዛፎች አጠቃቀም ጉዳት በማያስከትል ዘዴ መሆን አለበት፡፡ ከዚህ ውጪ በሆነ አጠቃቀም ለሚወድሙት ዛፎች ተጠያቂ ይሆናል፡፡
   - ለ. በማሳዎች መሃከል የሚገኘውን ዳርቻ /ወሰን/ የሚያፈርስ መሆን የለበትም፡፡
   - ሐ. የሚታረስ መሬት ከወንዞችና ትላልቅ ቦረቦሮች ዳርቻ ቢያንስ ሶስት ሜትር በመራቅ ማረስ አለበት፣
   - መ. ማንኛውም ባለይዞታ አርሶ አደር መሬቱ ለመለካት ሲጠየቅ የመተባበር ግዴታ አለበት፣
   - ሠ. ማንኛውም የገጠር መሬት ባለ ይዞታ ከተፈቀደለት የጎጆ መውጫ መሬት ውጭ በሚታረስ መሬቱ የመኖሪያ ቤት መስራት የተከተከለ ነው፣ ይህን ተላልፎ መኖሪያ ቤት ሰርቶ የተገኘ አርሶ አደር በወንጀል የሚኖረው ተጠያቂነት እንዳለ ሆኖ ያለአግባብ የተሰራ ቤት በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ በቀጥታ ይፈርሳል፡፡ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡
2. እያንዳንዱ አርሶ አደር በግል ይዞታው ስር ወይም በጋራ ይዞታ ባለው መሬት ላይ አፈርና ውሃ የመጠበቅና ችግኝ የመትከል ግዴታ አለበት፡፡

## 12. በመሬት የመጠቀም መብት

1. መሬት ተከፋፍለው ያለ በቂ ምክንያት መሬታቸው የሚገኝበትን ቀበሌ ከሁለት ዓመት በላይ ለቀው የሄዱ እንዲሁም ቀደም ሲል በከተማ ወይ መሬታቸው ከሚገኝበት ውጭ ሆነው መሬት የተሰጣቸው ሰዎች መሬታቸው ተወስዶ በአካባቢው የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር

ይመሓደር፣ ኣብቲ ጣብያ ነበርቲ ንዝኾኑ መሬት ንዘይብሎም ሓረስቶት ብሸግሽግ ክውሃብ ይግበር፡፡ ይኹን'ምበር ካብ ኣባል ስድራ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ነቲ ከባቢ ገዲፉ ምኻድ ናይቲ ስድራ ብመሬቱ ናይ ምጥቃም መሰል ዝትንከፍ ኣይኸውንን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ዝስዕቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ብዝነበሮም ትሕዝቶ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ሕልዉ ይኸውን፡፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡-
   ሀ. ኣባላት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር፣
   ለ. ኣባላት ፖሊስ ፌደራልን ክልልን፣
   ሐ. ወረስቲ ወይ ተጠቀምቲ መሬት ስውኣት ተጋደልትን ሚልሻታትን፣
   መ. ብምኽንያት ሓዳር ናብ ካሊእ ገጠር ከባቢ ዝኸዱ ሰባት፣
   ረ. ብምኽንያት ትምህርቲ ጣብየኦም ዝለቐቑ፣
   ሰ. ጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ፣ ኣብ ማሕረስ ክሰርሑ ዘይኽእሉ ካልኦት ጉዱኣት ኣካልን ከቢድ ሕማምን ናይ ስነ ኣእምሮ ሽግር ዘለዎምን፣
   ሸ. ሰብ ሓዳሮም ወይ ጠወርቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ ነቲ ጉድእ ንምሕብሓብ ጣብየኦም ዝለቐቑ፣
   ቀ. በብብርኩ ካብ ማሕረስ ስረሖም ዝተመረፁ ዘለዉ ጠርናፍቲ ሓፋሽ ማሕበራት፣ ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣባላት ተወከልቲ ህዝቢ ፌደራልን ካልኦት ኣብያተ ምኽርን ዝኾኑ ሓረስቶት ብምኽንያት ዝተመረፅሉ ስራሕ ጣብያኦም እንትለቑ፣
   በ. ጠዋርን ሓብሓብን ስኢኖም ክሰርሑ ዘይኽእሉ ጣብየኦም ዝለቐቑ ሽማግለታት፣
   ተ. መናብርቲ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ፣
   ቸ. ወለዶም ብሞት ዝስኣኑ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘዕብዮምን ዝሕብሕቦምን እለሻ ጣብየኦም ዝለቁ ቆልዑ፣

3. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ድንጋገ እንተሃለወ'ውን ቅድሚ እዚ መማሓየሺ ኣዋጅ ምውፅኡ፡-



ኮሚቴ ይተዳደራል፣ በቀበሌው ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው አርሶ አደሮች በሽግሽግ እንዲሰጥ ይደረጋል፡፡ ነገር ግን ከቤተሰብ አባል ባል ወይም ሚስት አካባቢውን ለቀው መሄድ የቤተሰቡን በመሬት የመጠቀም መብት የሚነካ አይሆንም፣

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገ ቢኖርም የሚከተሉት የኀብረተሰብ ክፍሎች በነበራቸው የመሬት ይዞታ የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ይሆናል፡፡ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡-
   ሀ. የአገር መከላከያ ሰራዊት አባላት፣
   ለ. የፌደራልና የክልል ፖሊስ አባላት፣
   ሐ. የተሰዉ ታጋዮችና ሚልሻዎች መሬት ወራሾች ወይም ተጠቃሚዎች፣
   መ. በጋብቻ ምክንያት ወደ ሌላ የገጠር አከባቢ የሄዱ ሰዎች፣
   ሠ. በትምህርት ምክንያት ቀበሌያቸው የለቀቁ፣
   ረ. የጦር ጉዳተኛ ታጋዮች፣ በእርሻ ስራ መስራት የማይችሉ ሌሎች የአካል ጉዳተኞችና ከባድ ህመምና የስነ-አእምሮ ችግር ያለባቸው፣
   ሰ. የአካል ጉዳተኛ ታጋዮች ባለትዳሮች ወይም ጧሪዎች ጉዳተኛውን ለመንከባከብ ቀበሌያቸውን ሲለቁ፣
   ሸ. በየደረጃው ያሉ ከእርሻ ስራ የተመረጡ የህዝባዊ ማሕበራት፣ የኃይማኖት ድርጅቶች መሪዎች እና የፌደራልና የሌሎች የህዝብ ተወካዮች ምክር ቤት አባላት የሆኑ አርሶ አደሮች በተመረጡበት ስራ ምክንያት ቀበሌያቸውን ሲለቁ፣
   ቀ. ጧሪና ተንከባካቢ አጥተው መስራት የማይችሉ አዛውንቶች ቀበሌያቸውን ሲለቁ፣
   በ. ከኤች አይ ቪ ኤድስ ጋር የሚኖሩ፣
   ተ. ወላጆቻቸው በሞት ያጡ ዕድሜያቸው ከ18 ዓመት በታች የሆኑ የሚያሳድጋቸውና የሚንከባከባቸው ፍለጋ ቀበሌያቸውን የለቀቁ ልጆች፣

3. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 1 ድንጋጌ ቢኖርም ይህ ማሻሻያ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት፡-

ሀ. ኣብ መሬት ገጠር ተመዝጊቦም ልዕሊ 2 ዓመት ጣብየኦም ዝለቐቑን ኣብ ክሊ ውሽጢ ወረደኦም ዘለዉን ብምኽንያት ሽግሽግ ናብ ካሊእ ወረዳ ዝኸዱን ሰባት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ናብ ገጠር ጣብየኦም እንተተመሊሶም ብዝነበሮም ትሕዝቶ ናይ ምጥቃም መሰሎም ዝተሓለወ ይኸውን፣

ለ. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3(ሀ) ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ከተማ ምምሕዳር ነበርቲ ዝኾኑ ናይቲ ከባቢ ወረዳ ሰብ ትሕዝቶ መሬት'ውን ዝምልከት ይኸውን፣

ሐ. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3(ሀ)ን (ለ)ን ዝተመልከቱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ናብ ገጠር ጣብያኦም ምምላሶም ትሕዝቶኦም ናይ ምምሕልላፍ መሰሎም ተገዲቡ ይፀንሕ፣

መ. ኣብ ከተማ ወይ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ወፃኢ ኮይኖም ናይ ዝተዓደሉ መነባብረኦም ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ ኮይኑ ክሳብ ሐዚ ባዕሎም እናሓረሱን እናልምዑን ዝርከቡ ብዘለዎም ትሕዝቶ ናይ ምጥቃም መሰሎም ዝተሓለወ ይኸውን፣

ረ. መሬቶም ኣዋፊሮም ዝጥቀሙን ወርሓዊ እቶቶም ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብርን / ትሕቲኡን ዝኾኑ ክሳብ ብህይወት ዘለዉ ጥራሕ ብዘለዎም ትሕዝቶ ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎም፣

ሰ. መሬቶም ኣዋፊሮም ዝጥቀሙን ወርሓዊ እቶቶም ልዕሊ ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/ ዝኾኑን መሬቶም ብቐጥታ ይውሰድ፣

ሸ. ወርሓዊ መሃያኦም ወይ ክፍሊቶም ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብርን / ትሕቲኡን ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካብ መሬቶም ወይ ስረሖም ክመረፁ ይግበር ፡፡

ቀ. ወርሓዊ መሃያኦም ወይ ክፍሊቶም ልዕሊ ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት መሬቶም ብቐጥታ ይውሰድ ፣ ይኹን' ምበር ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ንዝመርፁ ምርጨኦም ዝተሓለወ ይኸውን፣



ሀ. በገጠር መሬት ተከፋፍለው ከሁለት ዓመት በላይ ቀበሌያቸውን የለቀቁና በወረዳቸው ክልል ውስጥ ያሉና በሽግሽግ ምክንያት ወደ ሌላ ወረዳ የሄዱ ሰዎች በሶስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ወደ ገጠር ቀበሌቸው ከተመለሱ በነበራቸው ይዞታ የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ይሆናል፣

ለ. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3(ሀ) የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በከተማ ኣስተዳደር ነዋሪ የሆኑ የአከባቢው ወረዳ የመሬት ባለ ይዞታዎችንም ይመለከታል፣

ሐ. በዚህ ኣንቀፅ በንኡስ ኣንቀፅ 3(ሀ) እና (ለ) የተመለከቱት በሶስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ወደ ገጠር ቀበሌያቸው ከመመለሳቸው በፊት ይዞታቸውን የማስተላለፍ መብታቸው ታግዶ ይቆያል ፣

መ. በከተማ ወይም መሬታቸው ከሚገኝበት ውጭ ሆነው መሬት የተሰጡ ኑሮኣቸው በግብርና የተመሰረተ ሆኖ እስከአሁን ድረስ ራሳቸው እያረሱና እያለሙ የሚገኙ ባላቸው ይዞታ የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ይሆናል፣

ሠ. መሬታቸው ለሌሎች አጋዝተው የሚጠቀሙ እና የወር ገቢያቸው ብር 1000 /አንድ ሺህ ብር / እና ከዚያ በታች የሆኑ በህይወት እስካሉ ድረስ ብቻ በይዞታቸው የመጠቀም መብት ይኖራቸዋል፣

ረ. መሬታቸውን ለሌሎች አጋዝተው የሚጠቀሙና የወር ገቢያቸው ከብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ በላይ የሆኑ ይዞታቸው በቀጥታ ይወሰዳል፣

ሰ. የወር ደመወዛቸው ወይም ክፍያቸው ብር 1000 /አንድ ሺህ ብር / እና ከዚያ በታች የሆኑ የመንግስት እና መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማት ሰራተኞች በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ መሬታቸውን ወይም ስራቸውን እንዲመርጡ ይደረጋል፣

ሸ. የወር ደመወዛቸው ወይም ክፍያቸው ከብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ በላይ የሆኑ የመንግስትና መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማት ሰራተኞች መሬታቸው በቀጥታ ይወሰዳል፡፡ ይሁን እንጂ በመሬት የመጠቀም መብታቸው ለሚመርጡ ምርጫቸው የተጠበቀ ይሆናል፣

4. ብምኽንያት ምስፋሕ ከተማታት ትሕዝቶ መሬቶም ናብ ከተማ ክልል ዝአተዎም ሓረስቶት ፡-
   ሀ. ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰሎም ሕሉው ኮይኑ ኣብ ገጠር ብዝተረፎም መሬት ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎም፤
   ለ. ክሳብ ካሕሳ ዝኸፈሎም ኣብ ዘሎ እዋን መሰል ውርስ፤ ውህብቶ፤ ላውጣ፤ ኪራይን ሽግሽግን ይኽበረሎም፤ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፤
   ሐ. ምምሕዳር ከተማ በዚ ኣዋጅ መሰረት መሰሎም ከኽብረሎም ይግደድ ፡፡

## 13. ብዛዕባ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣግራብ

1. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣግራብ ዋንነት ናይቲ ብዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ'ዩም፤
2. ልሙዕነት ተሓራሳይ መሬት ዝፃባእ ተኸሊ ምትካል ክልኩል'ዩ ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ ፀዳፍ መሬት እንተይሓረሱ ብመማረፂ ከምበለስን፤ ቀላሚጦስን ካሊእ ቀዋሚ ተኸሊ ብድልየቶም ክተኽሉ ንዝደልዩ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር፤ ወረዳ ዴስክ ወይ ዝምልከቶ ኣካል እንተፈቅድ ክተኽሉ ይኽእሉ እዮም፤ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፤
3. ብዛዕባ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ኣግራብ ዝወፀ ፌዴራል ኣዋጅ ቁፅሪ 94/86 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ከም ዕጣን፤ ዓየ፤ዓውሒ፤ ሓንሰ፤ኣውሊዕ፤ ፅሕዲ፤ ዳዕሮ፤ እንዳዲዕ፤ ሰሞቕ፤ ሞሞና፤ መቒዕ፤ ሓቢ፤ ሳግላ፤ ዝግባ ዝመሳሰሉ ምቑራፅ ዝተኸልከለ እዩ፡፡
4. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ናይ እንዳዲዕን ዕጣንን ኣግራብ ናይቲ በዓል መሬት ኮይኖም ዘፍረይዎ ዕጣንን እንዳዲዕን ብምሻጥ ወይ ብምክራይ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ፤
5. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ንዝርከቡ ኣግራብ እቲ በዓል ትሕዝቶ ኣድላይ ክንክን ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎ፡፡

## 14. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ምቁራፅ

1. ኣብዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዝወፅኡ ደንብታትን መምርሒታትን ብዘይምኽባር ኣብቲ መሬት ጉድኣት ንክበፅሕ ዝገበረን ብግቡእ ዘይጥቀምን ብዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ክሕደግ ይኽእል፤ ዓይነት



4. በከተሞች መስፋፋት ምክንያት የገጠር መሬት ይዞታቸው ወደ ከተማ ክልል የገባባቸው አርሶ አደሮች ፡-
   ሀ. ካሳ የማግኘት መብታቸው እንደተጠበቀ ሆኖ በገጠር በቀራቸው መሬት የመጠቀም መብት ይኖራቸዋል፤
   ለ. ካሳ እስከሚከፈላቸው ድረስ ባለው ጊዜ ውስጥ የውርስ፤ ስጦታ፤ ልዋጭ፤ ኪራይና የሽግሽግ መብታቸው ይከበርላቸዋል፤ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፤
   ሐ. የከተማ አስተዳደር በዚህ አዋጅ መሰረት መብታቸው እንዲያስከብርላቸው ይገደዳል፡፡

## 13. በሚታረስ መሬት ላይ ስለሚገኙ ዛፎች

1. በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙ ዛፎች የመሬት ባለይዞታው አርሶ አደር ንብረት ናቸው፤
2. የሚታረስ መሬት ለምነትን የሚጸረሩ ተክሎች መትከል የተከለከለ ነው፡፡ ሆኖም ተዳፋት በሆነ መሬት ሳያርሱ በአማራጭ ቁልቋል፤ ባህርዛፍና ሌላ ቋሚ ዕፀዋት ለመትከል የሚፈልጉ የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ፤ የወረዳ ዴስክ ወይም የሚመለከተው አካል ሲፈቅድ መትከል ይችላሉ፤ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፤
3. ስለዛፎች ጥበቃና አጠቃቀም የወጣው የፌዴራል አዋጅ ቁጥር 94/86 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፤ በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙት እንደ ዕጣን፤ ዓየ፤ ዋንዛ፤ ቆንጥር፤ ወይራ፤ ጥድ፤ ዋርካ፤ የሙጫ ዛፍ፤ ቅርቅራ፤ ግራር፤ በደኖ፤ ኮሶ ዛፍ ሾላ፤ ዝግባ የመሳሰሉት መቁረጥ የተከለከለ ነው፤
4. በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙ የዕጣንና የሙጫ ዛፎች የመሬቱ ባለ ይዞታ ሆነው የሚያፈሩትን ዕጣንና ሙጫ በመሸጥ ወይም በማከራየት የመጠቀም መብት አለው፤
5. የመሬት ባለይዞታ በመሬቱ ላይ ያሉትን ዛፎች አስፈላጊውን እንክብካቤ የማድረግ ግዴታ አለበት፡፡

## 14. በመሬት የመጠቀም መብት መቋረጥ

1. በዚህ አዋጅና ይሄን አዋጅ ለማስፈፀም የሚወጡ ደንቦችና መመሪያዎችን ባለማከበር በመሬቱ ላይ ጉዳት እንዲደርስ ያደረገና በአግባቡ ያልተጠቀመ የገጠር መሬት ባለ ይዞታ በመሬት የመጠቀም መብቱ ሊቋረጥ ይችላል፡፡ የጉዳቱ ዓይነትና መጠን

ጉድኣትን መጠንን ብደንቢ ይውሰን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ሓፈሻዊ ኣበሃህላ ከምዘሎ ኮይኑ ዝኾነ ሓረስታይ ኣብቲ መሬት ንዘብፅሖ ጉድኣት ብተደጋጋሚ መጠንቀቕታ ከስተኻኽል ዘይክኣለ ብናይ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ናይ ውሳነ ሓሳብ ብናይ ወረዳ ዴስክ ውሳነን በቲ ወረዳ ስራሕ ፈፃሚት (ካቢኔ) እንትፀድቕ ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ክቋረፅ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. እቲ ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ዝተውሃበ ውሳነ ሓሳብ እቲ ወረዳ ዴስክ ኣድላዪ ኮይኑ እንትረኽቦ ምፅራይ ብምግባር ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ክህቦ ይኽእል፣
4. ዝኾነ ሓረስታይ ናይ መሬት ምጥቃም መሰሉ ብድልየቱ ክቋረፅ ይኽእል፡፡ ኮይኑ ግን ኣብቲ መሬት ዘበፅሖ ጉድኣት እንተሃልዩ ተሓታቲ ይኾውን፣
5. ናይ መሬት ምጥቃም መሰሉ ብፍቓዱ ወይ ድማ ብውሳነ ዝተቋረፆ ሓረስታይ ናይ ትሕዝቶ መረጋገፂ ደፍተሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክመልሶ ግቡእ ኣለዎ፣
6. ብውሳነ ወይ ድማ ብፍቓዱ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ዘቋረፀ ሓረስታይ መሊሱ መሬት ዝረኽበሉ ኣገባብ ዝምልከት ብደንቢ ይውሰን፣
7. ብመሬት ምጥቃም መሰል ብፍቃዱ ዘቋረፀ ሓረስታይ ኣብ ልዕሊ መሬት ዘፍረዮም ፍርያትን ዝሃነፆም ንብረታትን ናይ ምልዓል መሰል ኣለዎ፡፡ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል ግን የብሉን፡፡ ኮይኑ ግና ቀወምቲ ተኽሊ እንተሃሊይዎ እቲ መሬት ዝውሃቦ ኣካል ግምቱ ክኸፍሎ ይግበር፡፡

## 15.ብዛዕባ መሰል ምምሕልላፍ ኢንቨስትመንት

1. ሓደ ናይ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምህርቲ ምሃብ ቅድሚ ምጅማሩ መሰል ኢንቨስትመንት ምምሕልላፍ ኣይከኣልን፡፡ ኮይኑ ግን ብባህሪ ናይቲ ፕሮጀክት ምህርቲ ዝጅምረሉ እዋን ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝወሰድ እንተኾይኑ መሰል ኢንቨስትመንት ቅድሚ ምህርቲ ክመሓላለፍ ይኽእል'ዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
2. መሰል ኢንቨስትመንት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ብዝተደንገገ መልክዑ ክመሓላለፍ ይኽእል'ዩ፡፡ ኮይኑ ግን ካብ ቀረፅ ነፃ ዝኣተዉ መሳርሒታትን



በደንብ ይወሰናል፣

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 1 የተገለፀው አጠቃላይ አባባል እንዳለ ሆኖ ማንኛውም አርሶ አደር በመሬቱ ላይ ላደረሰው ጉዳት በተደጋጋሚ ማስጠንቀቂያ ሊያስተካክል ካልቻለ በጣቢያው የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ የውሳኔ ሐሳብ በወረዳ ዴስኩም ውሳነ በወረዳው ስራ አስፈፃሚ (ካቢኔ) ሲፀድቅ በመሬት የመጠቀም መብቱ ሊቋረጥ ይችላል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. በጣቢያው የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የተሰጠው የውሳኔ ሐሳብ የወረዳ ዴስክ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው እንዲጣራ በማድረግ የመጨረሻ ማስጠንቀቂያ ሊሰጥ ይችላል፣
4. ማንኛውም አርሶ አደር በመሬት የመጠቀም መብቱ በፍላጎቱ ሊያቋርጥ ይችላል፡፡ ሆኖም በመሬቱ ላይ ያደረሰው ጉዳት ካለ ተጠያቂ ይሆናል፣
5. በመሬት የመጠቀም መብቱ ብፍላጎት ወይም በውሳኔ የተቋረጠበት አርሶ አደር የይዞታ ማረጋገጫ ደብተሩ በአንድ ወር ጊዜ ውስጥ የመመለስ ግዴታ አለበት ፣
6. በውሳኔ ወይም በፍላጎቱ የመሬቱ መጠቀም መብቱ ያቋረጠ አርሶ አደር ድጋሚ መሬት የሚያገኝበት አግባብ በሚመለከት በደንብ ይወሰናል ፣
7. የመሬት መጠቀም መብቱ በፍላጎቱ ያቋረጠ አርሶ አደር በመሬቱ ላይ ያፈራው ፍሬና የገነባው ንብረት የማንሳት መብት አለው፡፡ ካሳ የማግኘት መብት ግን የለውም፣ ሆኖም ቋሚ ተክሎች ካሉት መሬቱ የሚሰጠው አካል ግምቱን እንዲከፍለው ይደረጋል፡፡

## 15.የኢንቨስትመንት መብት ስለማስተላለፍ

1. የእርሻ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምርት መስጠት ከመጀመሩ በፊት፣ የእርሻ ኢንቨስትመንት መብት ማስተላለፍ አይቻልም፡፡ ሆኖም የኢንቨስትመንት ፕሮጀክቱ በባህሪው ምርት መስጠት የሚጀመረው ከአንድ አመት በላይ ከሆነ የኢንቨስትመንት መብት ከምርት በፊት መተላለፍ ይችላል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
2. የኢንቨስትመንት መብት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 በተደነገገው መልኩ ሊተላለፍ ይችላል፡፡ ሆኖም ከቀረጥ ነፃ ሆነው የገቡ መሳሪያዎችና

አቑሑትን ቀረፅ ከይተኸፈሎም ናብ ካልኣይ ወገን ክመሓላለፉ አይኽእሉን፡ ተመሳሳሊ መሰል ዘለዎም ግን ከመሓላልፉ ይክእሉ'ዮም፡፡

3. ናይ መሬት ገጠር ብሊዝ ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ናይ ምጥቃም መሰሉ ብውሕስና ንምትሓዝ ይኽእል እዩ፡፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ዝውሰን ይኸውን፡፡

## 16. ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት

ሓዱሽ ቴክኖሎጅን ዝለዓለ ካፒታልን ብምጥቃም ውፅኢታዊ ናይ ልምዓት ምንቅስቃስ ሃሊዩዎ ኢንቨስትመንቱ ከጋፍሕን ከመሓይሽን ንዝደሊ በዓል ሃፍቲ ይተባባዕ፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ፡፡

## 17. ብዛዕባ ውርሲ

1. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ በዓል ትሕዝቶ እንተሞይቱ፡-
   - ሀ. ብቐዳምነት መሬት ዘይብሉ ውላዱ ወራሲ ይኸውን፡
   - ለ. መዋቲ ውሉድ ዘይብሉ እንተኾይኑ መሬት ዘይብሉ ወላዲኡ ይወርሶ፡
2. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ብውርሲ ክመሓላለፍ ዝኽእል፡-
   - ሀ. ተሓራሳይ መሬት ዘይብሉ ውላድ ጡብ ምስ ደቂ መዕበይቲ ውላድ ጡብ ማዕረ ናይ ምውራስ መሰል ኣለዎ፡
   - ለ. እቲ ዝካየድ ውርሲ ካብ ካልኣይ ብርኪ ክሓልፍ የብሉን፡፡ ኮይኑ ግን ባዓል ትሕዝቶ መሬት እንትመውት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወርስ ውሉድ እንተዘይሃልይዎ ናይ መዋቲ ትሕዝቶ መሬት ደቂ ደቁ ብቐጥታ ክወርሱ ይኽእሉ እዮም፡
   - ሐ. ናይ ባዕሉ ግብሪ መሬት ዘለዎ ወይ ካብ ሕርሻ . ወፃኢ መነባብሮ ዝቐየረ ሰብ ካብ መጠሻ ወፃኢ ተሓራሲ መሬት ክወርስ ኣይኽእልን፡
   - መ. ከተማ ነበርቲ ዝኾኑ ውሉዳት መሬት ገጠር ናይ ምውራስ መሰል የብሎምን፡፡
3. ኣብ መንጎ ወረስቲ ዝግበር ናይ መሬት ምምቕቓል ካብ ዝንኣሰ ናይ መሬት ትሕዝቶ ንታሕቲ ናይ መሬት ምቁርራስ ክስዕብ ዝኽእል ክኸውን የብሉን፡፡ ወረስቲ ብዙሓት ኣብ ዝኾኑሉ እዋን መጀመሪያ ባዕሎም ተሰማሚዖም ብሓባር ተጠቀምቲ ዝኾኑሉ ዕድል ይውሃብ፤ በዚ ክስማዕምዑ እንተዘይኪኢሎም

እቃዎች ቀረጥ ሳይከፈልባቸው ለሌላ ሰው መተላለፍ አይችሉም፡፡ ተመሳሳይ መብት ያላቸው ግን ማስተላለፍ ይችላሉ፡

3. የገጠር መሬት በሊዝ የተከራየ ባለሃብት የመጠቀም መብቱ በዋስትና ለማስያዝ ይችላል፡ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 16. ኢንቨስትመንት ስለማስፋፋት

አዲስ ቴክኖሎጂ እና ከፍተኛ ካፒታል በመጠቀም ውጤታማ የልማት እንቅስቃሴ ኖሮት ኢንቨስትመንቱን ለማስፋፋትና ለማሻሻል የሚፈልግ ባለ ሃብት ይበረታታል፤ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 17. ስለ ውርስ

1. በመሬት የመጠቀም መብት ያለው ባለ ይዞታ ሲሞት፡-
   - ሀ. መሬት የሌለው ልጁ በቅድሚያ ወራሽ ይሆናል፤
   - ለ. ሟች ልጅ የሌለው ከሆነ መሬት የሌለው ወላጁ ይወርሰዋል፤
2. የመሬት መጠቀም መብት በውርስ ሊተላለፍ የሚችለው፡-
   - ሀ. የሚታረስ መሬት የሌለው ጉዲፈቻ ከጉዲፈቻ አሳዳጊው ልጆች ጋር እኩል የመውረስ መብት አለው፤
   - ለ. የሚካሄደው ውርስ ከሁለተኛ ደረጃ የውርስ ደረጃ ማለፍ የለበትም፡፡ ሆኖም የመሬት ባለ ዞታ ሲሞት በዚህ አዋጅ መሰረት የሚወርስ ልጅ የሌለው ከሆነ የሟች የልጅ ልጆች ቀጥታ መውረስ ይችላሉ፤
   - ሐ. የራሱ የመሬት ይዞታ ያለው ወይም ከግብርና ውጪ ኑሮውን የለወጠ ሰው ከጎጆ መውጫ በስተቀር የእርሻ መሬት መውረስ አይችልም፤
   - መ. በከተማ የሚኖሩ ልጆች የገጠር መሬት የመውረስ መብት የላቸውም፤
3. በወራሾች መካከል የሚደረግ የመሬት መከፋፈል ከአነስተኛው የመሬት ይዞታ በታች የመሬት መቆራረስ የሚፈጥር መሆን የለበትም፡፡ ወራሾች ብዙ በሚሆኑበት ጊዜ መጀመሪያ ራሳቸው ተስማምተው በጋራ ተጠቃሚዎች የሚሆንበት እድል ይሰጣል፤ በዚህ መስማማት ካልቻሉ

ካብ ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት ምቁርራስ ብዘየስዕብ መንገዲ ብዕፃ ይወሃብ፣

4. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ድንጋገ ኣብ ባህሊዊ መሰኖታትን ዓይኒ ማያትን ንዝህሉ ናይ መሬት ኣጠቓቕማ መጠን ዝትንክፍ ኣይኮነን፣

5. በዓል ትሕዝቶ እንትመውት ኣብዚ ዓንቀፅ ብዝተደንገገ መሰረት ተኪኡ ዝወርስ ዘይብሉ እንተኾይኑ መሬቱ ናብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ተመሊሱ መሬት ንዘይብሎም ክዕደል ይግበር፣

6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን መሬት ዘይብሉን ኣብናይ መዋቲ ገዛ ዝዓበየ ወይ ጠዋሪ ዝኮነ ሰብ፣ ሕጋዊ ወራሲ ናይ ዘይብሉ መሬት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክሽጋሸግ ይግባእ፣

7. ንሓረስታይ ዝተውሃበ ብናይ መሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ውርሲ ዝምልከት ምስዚ ኣዋጅ ዝጋነፁ ናይ ፍትሃብሄር ሕጊ ድንጋገታት ውርሲ ተፈፃምነት ኣይህልዎምን፣

## 18. መጠን ትሕዝቶ መሬት ገጠር

1. ቅድሚ ሕዚ በቢከባቢኡ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተዓደለ ናይ ሓደ ስድራ ትሕዝቶ መሬት ከምዘሎ ኮይኑ ንቕድሚት ዝዕደል መጠን ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት ትሕቲ 0.25 ሄክታር ክኸውን የብሉን፡፡ እዚ ግና ኣብ ከባቢ ብመስኖ ንዝለምዕ መሬት ኣይሓውስን፣

2. ንቕድሚት ዝዕደል ዝልዓለ ስፍሓት መሬት ከከም ከባቢኡ ኩነታት ብደንቢ ዝውሰን ይኸውን፡፡

## 19. ኣብ ሞንጎ ሰብ ትሕዝቶ ሓረስቶት ዝግበር ልውውጥ መሬት

1. መሬት ክለዋወጡ ዝደልዩ ሓረስቶት ንልምዓት ሕርሻ ብዝጥዕም ኩነት ብስምምዕነት ክለዋወጡ ይኽእሉ፣

2. ናይ ዝተለወጠ መሬት ወረቓት ምስክር ተስተኻኺሉ ክውሃብ ይግበር፣

3. ዝኾነ በዓል ትሕዞ መሬት ምስ ዝደለዮ ካሊእ በዓል ትሕዝቶ መሬት ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ ይኹን ካብ ጣቢያ ናብ ጣቢያ ብስምምዕነት ትሕዝትኡ ናይ ምልዋጥ መሰል ኣለዎ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣



ከአነስተኛ የመሬት ይዞታ በታች መቆራረስ በማያስከትል መንገድ በእጣ ይሰጣል፣

4. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 3 ድንጋጌ በባህላዊ መስኖዎችና የውሃ ምንጮች የሚኖር መሬት አጠቃቀም መጠን የሚመለከት አይሆንም፣

5. ባለይዞታው በሞት ሲለይ በዚህ አንቀፅ በተደነገገው መሰረት ወራሽ የሌለው ከሆነ መሬቱ ወደ ቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ተመልሶ መሬት ለሌላቸው እንዲታደል ያደርጋል፣

6. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 5 የተደነገገው ቢኖርም መሬት የሌለውና በሟቹ ቤት ያደገ ወይም ጧሪ ለሆነ ሰው፣ ሕጋዊ ወራሽ የሌለው መሬት ቅድሚያ ተሰጥቶት ሊሸጋሸግ ይገባል፣

7. ለአርሶ አደር የተሰጠ በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ውርስ በሚመለከት ከዚህ አዋጅ ጋር የሚቃረኑ የፍትሃብሄር የውርስ ድንጋጌዎች ተፈጻሚነት አይኖራቸውም ፡

## 18. የገጠር መሬት የይዞታ መጠን

1. ከአሁን በፊት በየአከባቢው በሕጋዊ መንገድ የተከፋፈለ የአንድ ቤተሰብ የመሬት ይዞታ እንዳለ ሆኖ ለወደፊት የሚሰጥ አነስተኛ የመሬት ይዞታ መጠን ከ0.25 ሄክታር በታች መሆን የለበትም፣ ይህ ግን በመስኖ የሚለማ መሬትን አይጨምርም፣

2. ለወደፊቱ የሚሰጥ ከፍተኛ የመሬት ይዞታ ስፋት እንደየአከባቢው ሁኔታ በደንብ የሚወሰን ይሆናል ፡፡

## 19. በባለይዞታ አርሶ አደሮች መካከል የሚደረግ የመሬት ልውውጥ

1. መሬት መለዋወጥ የሚፈልጉ አርሶ አደሮች ለግብርና ልማት በሚመች ሁኔታ በስምምነት መለዋወጥ ይችላሉ፣

2. የተለወጠውን መሬት የምስክር ወረቀት ተስተካክሎ እንዲሰጥ ይደረጋል፣

3. ማንኛውም ባለ ይዞታ ከሚፈልገው ከሌላ የመሬት ባለ ይዞታ ጋር ከወረዳ ወደ ሌላ ወረዳ ወይም ከቀበሌ ወደ ሌላ ቀበሌ የመሬት ይዞታውን በስምምነት የመለወጥ መብት አለው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

4. ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ሓባር ዝኾነ መሬት ብናይ ክልቲኦም ስምምዕነት ጥራሕ እቲ ምልውዋጥ ይፍፀም፣
5. ወራሲ ናይ ዘይብሉ ትሕዝቶ መዋቲ መሬት ንውላዱ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክልውጥ ይኽእል'ዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡

## 20. ምምሕዳር መሬት

1. ስልጣን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንዝምልከቶ ኣካል ዝተውሃበ ኮይኑ ኣብ ሕድ ሕድ ጣብያን ቁሸትን ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር እንትህሉ ኣብ ወረዳ ድማ ዴስክ ይህሉ፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣
2. ሕድ ሕድ ጣብያ ወይ ወረዳ ካብቲ ዝሓለፈ መሬት መቖሎ ተኸሊሉ ካብ ዝተውሃቦ ወፃኢ ዘሎ መሬት በቢብርኩ ብዘለዉ ዝምልከቶም ኣካላት ዝመሓደር ኮይኑ ብዘይካ ፍቓድን መምርሒን እቲ ክልል መንግስቲ ምሓዝን ምኽላልን ኣይከኣልን፣
3. መንግስቲ ንናይ ሓባር ትሕዝቶ መሬት ገጠር ከምኣድላይነቱ ናብ ውልቀ ትሕዝቶ ከዛውር ይኽእል፣
4. ኣጠቓቕማ ክፍቲ ቦታታትን ጎቦታትን ብዝምልከት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ብዘውፅኦ ደንቢ ይውሰን፡፡

## 21. በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንህዝቢ ጥቕሚ ተባሂሉ ትሕዝቶ መሬቱ ዝውሰደሉ ኩነታት

1. በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንህዝቢ ጥቕሚ ተባሂሉ መሬቱ ብመንግስቲ እንትውሰድ ኣብቲ መሬት ንዝገበሮ ምምሕያሽን ንዘፍረዮ ንብረትን ተመጣጣኒ ካሕሳ ይኽፈሎ፣ ወይ ድማ ብዝተኽኣለ መጠን ንዝተወሰደ መሬት መተካእታ ካሊእ ተለዋጢ መሬት ንኽረክብ ይግበር፡፡
2. ኣብቲ ዝተወሰደ ትሕዝቶ መሬት ንዝርከብ ንብረት ዝኽፈል ካሕሳ እቲ ንብረት ብዘለዎ ኩነታት ንምትካእ ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ፣
3. ኣብ መሬት ንዝተገበረ ቀዋሚ ምምሕያሽ ዝኽፈል ካሕሳ ኣብቲ መሬት ዝወዓለ ገንዘብን ናይ ጉልበት ዋጋን ዝትክእ ይኸውን፣



4. የባልና የሚስት የጋራ የሆነ መሬት የመሬት መለዋወጡ በሁለቱም ስምምነት ብቻ ይፈጸማል፣
5. ወራሽ የሌለው የሟች የመሬት ይዞታ ልጁ ቅድሚያ ተሰጥቶት ሊለውጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 20. የመሬት አስተዳደር

1. የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ስልጣን ለሚመለከተው አካል የተሰጠ ሆኖ በእያንዳንዱ ቀበሌና ጎጥ የመሬት አስተዳደር ኮሚቴዎች ሲኖሩ በወረዳ ደግሞ ዴስክ ይኖራል፡፡ ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣
2. እያንዳንዱ ጣቢያ ወይም ወረዳ ካለፈው የመሬት ክፍፍል ተከልሎ ከተሰጠው መሬት ውጪ ያለውን መሬት በየደረጃው ባሉት የሚመለከታቸው አካላት የሚተዳደር ሆኖ ከክልል መንግስት ፍቃድና መመሪያ ውጪ መሬት መያዝና መከለል አይቻልም፣
3. መንግስት የወል የገጠር መሬት ይዞታን እንደአስፈላጊነቱ ወደ ግል ይዞታ ማዛወር ይችላል፣
4. የክፍት ቦታዎችና ተራራዎች አጠቃቀም በተመለከተ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል፡፡

## 21. የገጠር መሬት ባለይዞታ ለሕዝብ ጥቅም ተብሎ የመሬት ይዞታው የሚወሰድበት ሁኔታ

1. የገጠር መሬት ባለይዞታ ለህዝብ ጥቅም ተብሎ መሬቱ በመንግስት ሲወሰድ በመሬቱ ላይ ላደረገው መሻሻልና ላፈራው ንብረት ተመጣጣኝ ካሳ ይከፈለዋል፣ ወይም በተቻለ መጠን ለተወሰደበት መሬት ምትክ ሌላ ተለዋጭ መሬት እንዲያገኝ ይደረጋል፡፡
2. በሚወሰደው የመሬት ይዞታ ላይ የሚገኝ ንብረት የሚከፈል ካሳ ንብረቱን ባለበት ሁኔታ ለመተካት የሚያስችል ይሆናል፣
3. በመሬት ላይ ለተደረገ ቋሚ መሻሻል የሚከፈል ካሳ በመሬቱ ላይ የዋለውን ገንዘብና የጉልበት ዋጋ የሚተካ ይሆናል፣

4. እቲ ንብረት ካብቲ ዘለዎ መሬት ናብ ካሊእ ብምዝዋር ዳግም ክትከልን ክምዝነበሮ ግልጋሎት ንምሃብ ዝኽእል ንብረት መልዓሊ ናይቲ ንብረት፣ መጎዓዓዚን መሊሰካ ናይ መትከሊ ወፃእን በዚ ዝስዕብ ጉድኣት እንተሃልዩ ንዕኡ ዝሽፍን ካሕሳ ይኽፈል፡፡

5. ናይ መፈናቐሊ ካሕሳን ናይ ዝተፈላለዩ ንብረታት ቀመር ካሕሳን ብዝምልከት ዝወፀ ናይ ፌደራል ኣዋጅ ቁፅሪ 455/97፣ ደንቢ ቁፅሪ 135/99 ከምኡ'ውን ብክልል ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

## 22. ሽግሽግ መሬት ገጠር

ሽግሽግ መሬት ገጠር ብዝምልከት ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቁፅሪ 456/97 ዓንቀፅ 9 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

1. ብሰፈራ ወይ ድማ ብኻሊእ ምኽንያት ብድልየቶም ንልዕሊ ክልተ ዓመት ጣብየአም ለቒቖም ናይ ዝኸዱ መሬት ብዝምልከቶ ኣካል ንክመሓዳር ተገይሩ መሬት ንዘይብሎም ወይ ድማ ንዝነኣሰም ብሽግሽግ ክወሃብ ይግበር፣

2. ጎቦታትን ጉህሚታትን ፍግረ መሬትን ብርሰትን ብዘየስዕብ መንገዲ ብሽግሽግ ወይ ድማ ብኢንቨስትመንት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ክግበር ይኽእል፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፡፡

## 23. ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ግድብ ዘሎ መፋሰስን ዝለምዕ መሬትን ኣጠቓቕማን ሽግሽግን

1. ብምኽንያት ህንፀት ልምዓት መስኖ ካብ መሬቶም ንዝፈናቐሉን መሬቶም በቲ መስኖ ዝለምዕን ሓረስቶት ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ መስኖ መሬት ክሽጋሸጉ ይግበር ፤

2, በዚ መስኖ ክለምዕ ዝኽእል ዝውሃብ መጠን ትሕዝቶ መሬት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ካብ ዝግበኦም ንላዕሊ ኮይኑ ክርክብ ከሎ ኣብቲ መስኖ ከባቢ ብቐረባ ዝርከቡ ክጥቀሙ ዝግበኦም ሓረስቶት ብቕደም ሰዓብ ብመሬት መቐሎ ወይ ብሽግሽግ ዝተውሃቦም ትሕዝቶ መሬቶም ወሲኹ ብሓባር ክሽጋሸጉ ይግበር ፤

3, ንልምዓት መስኖ ምቹው ኣብ ዝኾኑ ከባቢታት ትሕዝቶ መሬት ዘለዎ ሰብ ብመስኖ ተጠቒሙ መሬቱ ናይ ምልማዕ ግቡእ ኣለዎ ፤



4. ንብረቱን ከሚገኝበት መሬት ወደሌላ መሬት በመዛወር እንደገና ሊተከልና እንደነበረ አገልግሎት ለመስጠት የሚችል ንብረት ንብረቱን የማንሻ፣ የማጓጓዣና መልሶ የመትከያ ወጪና በዚህ የሚወጣ ጉዳት ሲኖር ይህንኑ የሚሸፍን ካሳ ይከፈላል፤

5. የመፈናቀያ ካሳና የተለያዩ ንብረቶች ካሳ ቀመር በሚመለከት የወጣውን የፌዴራል አዋጅ ቁጥር 455/97፣ ደንብ ቁጥር 135/99 እንዲሁም በክልሉ በሚወጣ መመሪያ መሰረት ተፈፃሚ ይሆናል፡፡

## 22. የገጠር መሬት ሽግሽግ

የገጠር መሬት ሽግሽግ በተመለከተ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ ቁጥር 56/97 አንቀጽ 9 ላይ የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፡-

1. በሰፈራ ወይም በሌላ ምክንያት በፍላጎታቸው ቀበሌያቸውን ከሁለት ዓመት በላይ ለቀው የሄዱትን መሬታቸው በሚመለከተው አካል እንዲተዳደር ተደርጎ መሬት ለሌላቸው ወይም ላነሳቸው በሽግሽግ እንዲሰጥ ይደረጋል፣

2. ተራሮችና ቦረቦሮች የመሬት መሸርሸርና መራቆትን በማያስከትል መንገድ በሽግሽግ ወይም በኢንቨስትመንት ጥቅም ላይ እንዲውሉ ሊደረግ ይችላል፡፡ ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 23. በግድቦች አከባቢ ያለውን ተፋሰስና የሚለማ መሬት አጠቃቀምና ሽግሽግ

1. በመስኖ ልማት ስራ ግንባታ ምክንያት ለሚፈናቀሉና መሬታቸው በግድቡ የሚለማ አርሶ አደሮች ቅድሚያ በመስጠት በመስኖ መሬቱ እንዲሸጋገሩ ይደረጋል ፤

2. በመስኖ ሊለማ የሚችል የመሬት ስፋት ድርሻ የሚሰጠው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 ለተጠቀሱት ከሚገባቸው በላይ ሆኖ ሲገኝ በመስኖው አከባቢ የሚኖሩ አርሶ አደሮች ለመስኖ ካላቸው ቀረቤታ በቅደም ተከተል እየታየ በመሬት ክፍፍል ወይም በሽግሽግ የተሰጣቸውን መሬት ጨምሮ በጋራ እንዲከፋፈሉ ይደረጋል ፤

3. ለመስኖ ልማት አመቺ በሆኑ ቦታዎች የመሬት ይዞታ ያለው ሰው በመስኖ ተጠቅሞ መሬቱን የማልማት ግዴታ አለበት፣

4. ናይቲ ግድብ ሀልውናን ግልጋሎትን ንምሕላውን ቀፃልነት ክህልዎ ንምግባርን ናይቲ ግድብ መፋሰስ ምዕቃብ ስራሕ በቲ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ብሓባር ክስራሕ ኣለዎ ፤
5. ኣብ ግድብ መፋሰስ ዝህሉ ኣጠቓቕማ መሬት በቲ ዝምልከቶ ኣካል ተፀኒዑ ብዝቐርብ መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት መሰረት ገይሩ ንሕርሻ፣ ንሕዛእቲ፣ ንመንበሪ ገዛ መስርሒ፣ ንደኒ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሰብን እንስሳን ነፃ ዝኾውን መሬት ክኸለል ይኽእል'ዩ፡፡ ተጠቀምቲ ነቲ ዝወፅእ መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት ተግባራዊ ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም፣
6. በቲ ግድብ ዝዓቖረ ማይ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሓረስቶት እቲ ግድብን መትረባትን ቀፃልነት ንክህልዎም ናይ ምዕጋንን ምክንኻንን፣ ከምኡ'ውን ዝተዓቀበ/ዝተገደበ/ መፋሰስ ኣድላዪ ሓለዋን ፅገናን ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም፣
7. በቲ ግድብ ዝዓቖረ ማይ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሓረስቶት ብዝምልከቶ ኣካል ንቕድሚት ተነጺሩ ብዝወፅእ ታሪፍ መሰረት ክፍሊት ግልጋሎት ክኸፍሉ ግቡእ ኣለዎም፡፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
8. ብምኽንያት ኣብ ግድብ ዝዓቖረ ማይ ክኸሰቱ ዝኽእሉ ማይ ወለድ ሕማማት ናይ ምክልኻል ግቡእ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ፣ ምምሕዳርን ቢሮ ሓለዋ ጥዕናን'ዩ፣
9. ግድብ ኣብ ዝስርሐሉ ከባቢ ካብ መንበሪ ቦትኦም ንዝፈናቐሉ ሓረስቶት በቲ ኣዋጅ ዝተደንገገ ናይ መንበሪ ገዛ መሰርሒ ኣተዓዳድላ ኣግባብ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ንመንበሪ ገዛ መስርሒ ዝኾውን ቦታ ክረኽቡ ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡
10. ዝኾነ ናይ መስኖ ተጠቃሚ በዓል ትሕዝቶ መሬት ንክልተ ተኸታታሊ ዓመታት ብመስኖ ተጠቒሙ እንተዘየልሚዑ መሬቱ ተሓዲጉ ንኻልእ ክሽጋሸግ ይኽእል፣ ኣግባብ ምሕዳግ መሬት ብዝምልከት ስዒቡ ብዝወፅእ ደንቢ ዝውሰን ይኾውን፣

## 24. ብዛዕባ ዘይሕረስ መሬት

1. ዘይሕረስ መሬት ንገዛውትን ንኻልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ስነ-ከባቢያውን ስራሕቲ ዘድልዩ ህንፃታትን ቦታታትን፣ ካልኦት መንግስቲ



4. የግድቡ ህልውናና ግልጋሎት ለመጠበቅና ቀጣይ አገልግሎት እንዲሰጥ የግድቡ ተፋሰስ ጥበቃ በአከባቢው ህዝብ በጋራ መከናወን አለበት፣
5. በግድብ ተፋሰስ የሚደረግ የመሬት አጠቃቀም በሚመለከተው አካል ተጠንቶ በሚቀርብ የመሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ መሰረት ለእርሻ፣ ግጦሽ፣ ለመኖሪያ ቤት መስሪያ፣ ለደን እንዲሁም ከሰውና እንስሳ ነፃ ሊሆን የሚችል መሬት ሊከለል ይችላል፡፡ ተጠቃሚዎቹ የሚወጣውን የመሬት አጠቃቀም መሪ እቅድ ተግባራዊ የማድረግ ግዴታ አለባቸው፣
6. በግድቡ የታቀበ ውሃ ተጠቃሚ የሆኑት አርሶ አደሮች ግድቡንና ቦዮቹን በቀጣይነት አገልግሎት እንዲሰጡ የመጠገን፣ የመንከባከብ፣ እንዲሁም የተገደበውን ተፋሰስ አስፈላጊውን ጥበቃና ጥገና የማድረግ ግዴታ አለባቸው፡፡
7. በሚመለከተው አካል ለወደፊት ተለይቶ በሚወጣ ታሪፍ መሰረት በግድቡ ውሃ ተጠቃሚ አርሶ አደሮች ለሚጠቀሙበት ውሃ የአገልግሎት ክፍያ እንዲከፍሉ ግዴታ አለባቸው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡
8. በግድቡ ያቆረ ውሃ ምክንያት ሊከሰቱ የሚችሉ ውሃ ወለድ በሽታዎች የመከላከል ግዴታ የአከባቢው ህዝብ፣ መስተዳድርና የጤና ጥበቃ ቢሮ ነው፣
9. ግድቡ በሚሰራበት አካባቢ ከመኖሪያቸው ለሚፈናቀሉ አርሶ አደሮች በዚህ አዋጅ የተደነገገው የመኖሪያ ቤት መስሪያ አሰጣጥ መሰረት ቅድሚያ ተሰጥቷቸው ለመኖሪያ ቤት መስሪያ ቦታ እንዲያገኙ ይደረጋል፣ ዝርዝሩ ደንብ ይወሰናል
10. ማንኛውም በመስኖ የሚጠቀም የመሬት ባለይዞታ መሬት ለሁለት ተከታታይ ዓመታት በመስኖ ተጠቅሞ ካላለማ መሬቱ ተወስዶ ለሌላ ሊሸጋሸግ ይችላል፡፡ የመሬቱ አወሳሰድ በተመለከተ ቀጥሎ በሚወጣው ደንብ የሚወሰን ይሆናል ፤

## 24. ስለማይታረስ መሬት

1. የማይታረስ መሬት ለቤቶች እና ለተለያዩ የማህበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊና ስነ-አከባቢያዊ ክንዋኔዎች የሚያስፈልጉትን ህንፃዎችና ቦታዎች፣

ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ስራሕቲ ዝኸልሎም ቦታታት የጠቓልል፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣

2. ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንዝስርሑ ስራሕቲ ዝወሃብ መሬት ብዝተኸኣለ መጠን ንተሓራሳይ መሬት ክሻመ የብሉን፡፡

## 25. ብዛዕባ ንመጠሻ ዝወሃብ ቦታ

1. 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዕድመ ዘለዎም መጠሻ ዘይብሎም ነበርቲ እቲ ጣብያ ኣብ ስደት ዝነበሩ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለየ ምኽንያት መጠሻ ዝሰኣኑ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ፊደል "ሀ" መሰረት ናብ ገጠር ጣብያ ዝምለሱ ንመጠሻ ዝኸውን ቦታ ዘይብሎም ሓረስቶት ቅድም ክብል ኣብ ዝተገበረ መሬት መቐሎ ንመጠሻ ኣብ ዝተኸለለ ቦታ ይውሃቦም፣ ዝርዝርሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡
2. ንመጠሻ ዝተኸለለ ቦታ ኣብ ዘይብሎም ከባቢታት እቲ ናይ ጣብያ ምምሕዳር ምስ ናይቲ ወረዳ ዴስክ ብምኳን ተሓራሳይ ኣብዘይኾነ ንመጠሻ ክኸውን ዝኽእ መሬት ክወሃቦም ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ንመጠሻ ዝውሃብ ቦታ መጠን 20 x 20 ሜትሮ ይኸውን፣
4. ኣዋሃህባ ንመጠሻ ዝኸውን ቦታ ኣብ ስደት ንዝነበሩ ሓረስቶት ቀዳምነት ብምሃብ ይፍፀም ፡፡ ቀፂሉ ዕድሜኦም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ መናእሰይ ካብ ዝዓበየ ዕድመ ጀሚሩ ብዕድሜኦም ቅደም ሰዓብ መሰረት ይወሃቦም፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ንዝተወለዱ መናእሰይ ብዕፃ ብምፍላይ ይወሃቦም፣
5. ንመጠሻ ዝኸውን ዝተኸለለ ወይ ክኽለል ዝኽእል መሬት ኣብዘይብሎም ከባቢታት ወለዲ ኣብናይ ባዕሎም ትሕዝቶ መጠሻ ንውላዶም መስርሒ ገዛ ብፍቓዶም ክህቡ ይኽእሉ፣
6. ንመጠሻ ዝውሃብ ቦታ፡-
   ሀ. ዝተለቐቐ መጠሻ፣
   ለ. መተሓላለፊ መንገዲ ዘይዓፁ፣
   ሐ. ካብ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ከም ክሊኒክ፣ ቤት ትምህርቲ፣ መንገዲ ዘይረሓቐ፣
   መ. ንቐፃላይ ብመጠሻነት ከገልግልን ክሰፍሕን ኣብ ዝኽእል ከባቢ፣



ሌሎች መንግስት ለመንግስታዊ እና መንግስታዊ ያልሆኑ ስራዎች የከለላቸው ቦታዎችን ያጠቃልላል፡፡ ዝርዝር አፈጻጸሙ በደንብ ይወሰናል፣

2. ለተለያዩ ማሕበራዊ አገልግሎቶች ለየሚሰሩ ስራዎች የሚሰጥ መሬት በተቻለ መጠን የሚታረስ መሬትን መሻማት የለበትም፣

## 25. ለጎጆ መውጫ ስለሚሰጥ ቦታ

1. ጎጆ መውጫ ያላገኙ 18 ዓመትና ከዛ በላይ ዕድሜ ያላቸው የቀበሌው ነዋሪዎች፣ በስደት የነበሩ እንዲሁም በተለያየ ምክንያት ጎጆ መውጫ ያጡ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 12 ንኡስ አንቀጽ 3 ፊደል "ሀ" መሰረት ወደ ገጠር ቀበሌያቸው የሚመለሱ የጎጆ መውጫ የሚሆን ቦታ የሌላቸው ገበሬዎች ቀደም ሲል በተደረገው የመሬት ክፍፍል ለጎጆ መውጫ ተብሎ በተከለለ መሬት ይሰጣቸዋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡
2. መኖሪያ ቤት ማሰሪያ ተብሎ የተከለለ መሬት የሌላቸው አከባቢዎች የቀበሌው አስተዳደር ከወረዳው ዴስክ ጋር በመሆን በማይታረስ መሬት ለጎጆ መውጫ ሊሆን የሚችል መሬት ሊሰጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. ለጎጆ ማውጫ የሚሰጥ ቦታ 20X20 ሜትር ይሆናል፣
4. ለጎጆ መውጫ መሬት አሰጣጥ በተመለከተ በበስደት ለነበሩት በቅድሚያ ይሰጣል፣ በመቀጠል እድሜያቸው በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተጠቀሱት ወጣቶች እድሚያቸው ቅደም ተከተል መሰረት በዕድሜ የበለጡትን በማስቀደም ይሰጣቸዋል፣ በአንድ ቀን ውስጥ የተወለዱ ወጣቶች በእጣ በመለየት ይሰጣቸውል፣
5. ለጎጆ መውጫ የተከለለ ወይም ሊከለል የሚችል መሬት በሌለባቸው አከባቢዎች፣ ወላጆች በፈቃዳቸው ለልጆቻቸው ከራሳቸው ጎጆ መውጫ ቤት መስሪያ ሊሰጡ ይችላሉ፣
6. ለጎጆ መውጫ የሚሰጥ ቦታ፡-
   ሀ. የተለቀቀ ጎጆ መውጫ፣
   ለ. መተላለፍያ መንገድ የማይዘጋ፣
   ሐ. ከግልጋሎት ሰጪ ድርጅቶች እንደ ክሊኒክ፣ ትምህርት ቤት፣ መንገድ ያልራቀ፣
   መ. ለቀጣይ ጎጆ መውጫ ሊያገለግልና ሊሰፋ በሚችል አከባቢ፣

ረ. ብቐፃልነት ስሩዕ ዝኾነ መጠሻ ፕላን ዝወፅሉን ንዝቕፅል ንምኽታም ዘመቹን ግልጋሎት መሰረት ልምዓት ብቑሊሉ ክበፅሐሉ ዝኽእልን፣

ሰ. ካብ ንግሕረስ፣ ንሕዛትን፣ ንደንን ዝተኸለለ መሬት ወፃኢ ዝኾነ፣

## 26. ሕዛእቲ መሬት

1. ንሕዛእቲ ዝኸውን መሬት ዝኸለል ቅድም ክብል ብዝተገበረ መሬት መቖሎ ተኸሊሉ ዝነበረን ሕዚ ድማ በቲ ከባቢ ህዝብን ማብያ ምምሕዳርን ስምምዕነት ብዝኸልልዎ መሰረት ይኸውን፣
2. ኣመሓዳድራ ሕዛእቲ ቅድም ክብል እቲ ከባቢ ይመሓዳደረሉ ብዝነበረ ልማድ' መሰረት ይኸውን፡፡ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ በቲ ማብያ ቤት ምኽሪ ኣቢሉ መተሓዳደሪ ደንቢ /ስሪት/ ከውፅእን ክተግብርን ኣለዎ፡፡

## 27. ኣጠቓቕማ መሬት ግጠር

1. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተውሃቦ ብፅሒት ትሕዝቶ መሬት ወፃኢ ካብ ዘሎ ክፍቲ መሬት ደሪብካ ወይ ብሓይሊ ወሪርካ ምሓዝ፣ ምሕራስ፣ ምጥቃም፣ መንበሪ ገዛ ምስራሕ፣ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ህውከት ምፍጣር ዝተኸልከለ እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ጥሒሱ ዝተረኸበ ሰብ ብገበን ተሓታቲ ኮይኑ ብተወሳኺ፡-
   ሀ. ብዘይኣግባብ ዝተሰርሐ ገዛ ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ይፈርስ ፣
   ለ. ብሓይሊ ወሪሩ ዝሓዞ መሬትን ብዘይ ኣግባብ ዝረኸቦ ጥቕምን እንተሃልዩ ክምልስ ከምኡ'ውን ዘብፀሖ ጉድኣት እንተሃልዩ ካሕሳ ክኸፍል ይግደድ፣
3. ካብ ውልቀ ሰብ ዓቕሚ ንላዕሊ ኣብ ዝኾኑ ገፋሕቲ ጎቦታትን ጉህሚታትን ብሓባር ስራሕቲ ዕቀባ ይስረሐሎም ወይ ድማ ከም ኣድላይነቱ ብውልቀን ብውዳበን ተመቒሎም ክለምዑ ይግበር፣
4. ዝኾነ ውልቀ ሰብ ይኹን ትካል ናይ መሬት ማዕድን ንምጥቃም ዝደሊ እቲ መሬት ዝዕቀበሉን ተመሊሱ ዝለምዐሉን ኣግባብ መሰረት ገይሩ ኣግባብ ብዘለዎ በዓል መዚ ብዝውሃቦ ፍቓድ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን፡፡



ሠ. በቀጣይነት መደበኛ የጎጀ መውጫ ፕላን የሚወጣለትና ለወደፊትም ለመከተም አመቺ የሆነና የመሰረተ ልማት አገልግሎት ሊደርስበት የሚችል፣

ረ. ለእርሻ፣ ለግጦሽና፣ ለደን፣ ከተከለለ መሬት ውጪ የሆነ፣

## 26. የግጦሽ መሬት

1. ለግጦሽ የሚሆን መሬት የሚከለለው ቀደም ብሎ በተደረገ የመሬት መከፋፈል ተከልሎ የነበረና አሁንም የአካባቢው ሕዝብና በቀበሌ አስተዳደር ስምምነት በሚከልሉት መሰረት ይሆናል፡፡
2. የግጦሽ መሬት አጠቃቀም በተመለከተ ቀደም ሲል አከባቢው ይተዳደርበት በነበረው ልማድ መሰረት ይሆናል፡፡ የአከባቢው ሕብረተሰብ በቀበሌው ምክር ቤት በኩል የመተዳደሪያ ደንብ አውጥቶ በተግባር ላይ ያውላል፡፡

## 27. የገጠር መሬት አጠቃቀም

1. ማንኛውም ሰው በህግ ከተሰጠው የመሬት ይዞታ ድርሻ ውጪ ካለው ክፍት መሬት ደርቦ ወይም በሃይል ወሮ መያዝ፣ ማረስ፣ መጠቀም፣ የመኖሪያ ቤት መስራት ወይም በማንኛውም ምክንያት ሁከት መፍጠር የተከለከለ ነው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገውን ተላልፎ የተገኘ ሰው በወንጀል ተጠያቂ ሆኖ በተጨማሪም፡-
   ሀ. ያለአግባብ የተሰራው ቤት በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ይፈርሳል፣
   ለ. በሃይል ወርሮ የያዘው መሬትና፣ ያለአግባብ ያገኘው ጥቅም ካለ እንዲመልስ እንዲሁም ያደረሰው ጉዳት ካለ ካሳ እንዲከፍል ይገደዳል፣
3. ከግለሰብ አቅም በላይ የሆኑ ሰፋፊ ተራሮችና ቦረቦር መሬቶችን በጋራ የዕቀባ ስራ ይሰራላቸዋል ወይም እንደ አስፈላጊነቱ በግልና በቡድን ተከፋፍለው እንዲለሙ ይደረጋል፣
4. ማንኛውም ግለሰብም ሆነ ድርጅት በመሬት ማዕድን ለመጠቀም የሚፈልግ መሬቱ መልሶ የሚያገግምበትና የሚለማበት መንገድ ተከትሎ አግባብነት ካለው ባለስልጣን በሚሰጠው ፈቃድ መሰረት የሚፈፀም ይሆናል፡፡

## 28. ኣወሳስና ክርክራት

1. ኣብ መሰል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ክርክር እንትልዓል ተኻራኸርቲ ወገናት ተመያይጦም ብስምምዕነት ንክፈትሕዎ ፃዕሪ ይግበር፣ ባዕሎም ክሰማምዑ እንተዘይኪኢሎም በቲ ከባቢ ዝተለመደ ኣግባብ ኣፈታትሓ ጎንፂ ብሽምግልና ወይ ብዕርቂ ክውድኡ ይኽእሉ፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተቐመጠ መማረፂ ንምፍታሕ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ተኻራኸርቲ ወገናት ፍቓደኛታት ኣብ ዘይኮኑሉ እዋን ቀፂሉ ብዘሎ ኣግባብ ይውሰን፣
   ሀ. መጀመሪያ ናብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ቀሪቡ ይውሰን ፣
   ለ. በቲ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ውሳነ ዘይተሰማመዐ ወገን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ይግበኣኒ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ የቕርብ፣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ውሳነ ይህብ፣
   ሐ. ወረዳ ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ውሳነ እንተፅኒዕዎ ናይ መወዳእታ ይኸውን፣ እንተማሓይሽዎ ወይ እንተሲዒርዎ ግን ዘይተስማምዐ ወገን ይግበኣኒ ናብ ዞባ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ የቕርብ፣ እቲ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝህቦ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን፡፡
3. ብዕርቂ ወይ ብሽምግልና ዝተወደኣን ከምኡ'ውን ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ብዝወሃብ ውሳነ ከም ውሳነ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ተቆፂሩ ይፍፀም፣
4. ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ዝውሃብ ውሳነ ብይግበኣኒ ኣፈፃፅማኡ እንተዘይተኣጊዱ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይፍፀም፣
5. ውሳነ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ንምፍፃም ዝመሓላለፉ ትእዛዛት ብሚሊሻ ወይ ብፖሊስ ይፍፀሙ፣
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ኣግባብ ኣወሳስና ክርክር ኣግባብ ኣጠይቓ፣ ኣሰራርሓን ኮሚቴ ከምኡ'ውን ኣግባብ ኣሸፋፍና ወፃኢ ዝምልከት ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፡፡



## 28. የክርክሮች አወሳሰን

1. በገጠር መሬት ይዞታ ላይ ክርክር ሲነሳ ተከራካሪ ወገኖች ተወያይተው በስምምነት እንዲፈቱ ጥረት ይደረጋል፣ በራሳቸው ሊስማሙ ካልቻሉ በአከባቢው በተለመደው የግጭት አፈታት ዘዴ በሽማግሌዎች ወይም በዕርቅ ሊጨርሱ ይችላሉ፣
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 በተቀመጠው አማራጭ ለመፍታት አንዱ ወይም ሁለቱም ተከታካሪ ወገኖች ፍቃደኞች በማይሆንበት ጊዜ ቀጥሎ ባለው አገባብ ይወሰናል፡-
   ሀ. መጀመሪያ ወደ ቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ቀርቦ ይወሰናል፣
   ለ. በቀበሌው የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ያልተስማማው ወገን በ15 ቀናት ውስጥ ይግባኝ ወደ ወረዳ ፍርድ ቤት ያቀርባል፣ የወረዳው ፍርድ ቤት በ30 ቀናት ውስጥ ውሳኔ ይሰጣል፣
   ሐ. የወረዳው ፍርድ ቤት የቀበሌውን የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ካጸናው የመጨረሻ ይሆናል፣ ካሻሻለው ወይም ከለወጠው ግን ያልተስማማው ወገን ወደ ዞን ከፍተኛ ፍርድ ቤት ይግባኝ ያቀርባል፣ ከፍተኛው ፍርድ ቤት የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል፡፡
3. በእርቅ ወይ በሽምግልና ያለቀና እንዲሁም በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የሚሰጥ ውሳኔ እንደ መደበኛ ፍርድ ቤት ውሳኔ ተቆጥሮ ይፈፀማል፣
4. በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የተሰጠ ውሳኔ አፈፃፀሙ በይግባኝ ካልታገደ በስተቀር በ 30 ቀናት ውስጥ ይፈፀማል፣
5. የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ለማስፈፀም የሚተላለፉ ትእዛዞች በሚሊሻ ወይም በፖሊስ ይፈፀማሉ፣
6. በዚህ አንቀጽ የተደነገገው የክርክር አወሳሰን፣ የኮሚቴ አቋቋምና አሰራር እንዲሁም የወጪ አሸፋፈን አገባብ በሚመለከት ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡፡

## 29. ብዛዕባ ቅፅዓት

1. ዝኾነ ሰብ ነዚ ኣዋጅ ወይ ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ተባሂሎም ዝወፁ ደንብታትን መምርሒታትን ዝጠሓሰ ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ ገበን መሰረት ይቕፃዕ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ዝኾነ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሰብ፡-
   - ሀ. ትሕዝቶ መሬቱ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ግዘ ንላዕሊ ወይ ንዘይተወሰነ ግዘ ዘካረየ ወይ ዝተኻረየ ካብ ብር 100 ክሳብ 300 /ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ብር/ ይቕፃዕ፣
   - ለ. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ኣብ ውልቀ ትሕዝቶ መሬቱ ይኹን ኣብ ሓባር መሬት ዕቀባ ሓመድን ማይን ስራሕቲ ዘይሰርሐ ካብ ብር 20 ክሳብ 50 / ካብ ዒስራ ክሳብ ሓምሳ ብር/ ተቐፂዑ ዘይተሰርሐ ስራሕ ይፍፅም፣
   - ሐ. ኣብ ተሓራሳይ መሬቱ ገዛ ዝሰርሐ ንዝሰርሖ ገዛ ኣፍሪሱ ብር 50 / ሓምሳ ብር / ይቕፃዕ፣
   - መ. ካብቲ ዝወፀ ኣጠቓቕማ መሪሕ ትልሚ ወፃኢ ዝተጠቐመ ወይ ነቲ ትልሚ ዘይተግበረ ሓረስታይ ንመጀመሪያ እዋን ካብ ብር 100 ክሳብ 300 /ካብ ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሚእቲ ብር/ ተቐፂዑ በቲ ትልሚ መሰረት ክሰርሕ ይግበር እቲ ጥፍኣት ዝደጋገም እንተኾይኑ ናይ ምጥቃም መሰሉ ክስእን ይኽእል፣
   - ረ. ኣብ ናይ ባዕሉ መሬት ይኹን ኣብ ካሊእ ዝተሰርሑ ስነ ሂወታውን ደረቕ ዕቀባ ሓመድን ማይን ስራሕቲ ዘፍረሰ ከከም ኩነታቱ ካብ ብር 100 ክሳብ 200 /ካብ ሓደ ሚእቲ ክሳብ ክልተ ሚእቲ ብር/ ተቐፂዑ ንዘፍረሶ መሊሱ ክሰርሕ ይግደድ፣
   - ሰ. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 11 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል /ሀ ክሳብ መ/ ከምኡ'ውን ዓንቀፅ 17/3/ ንዝተደንገጉ ግቡኣት ዝጠሓሰ /ዝተመሓላለፈ/ ካብ ብር 200 /ክልተ ሚእቲ ብር / ዘይንኣስ ካብ ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/ ዘይበለፀ ይቕፃዕ ፣
   - ሸ. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 13 ንኡስ ዓንቀፅ 2፣ 3ን 5ን ጥሒሱ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ልሙዕነት መሬት ዝፃብኡ ተግባራት ዝፈፀመ ካብ ብር

## 29. ስለ ቅጣት

1. ማንኛውም ሰው ይህን አዋጅ ወይም ይህን አዋጅ ለማስፈፀም ተብለው የሚወጡ ደንቦችንና መመሪያዎችን የተላለፈ አግባብ ባለው የወንጀል ህግ መሰረት ይቀጣል፣
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ማንኛውም በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ያለው ሰው፡-
   - ሀ. የመሬት ይዞታው በህግ ከተፈቀደው ጊዜ በላይ ወይም ላልተወሰነ ጊዜ ያካረየ ወይም የተከራየ ከብር 100 እስከ 300 /አንድ መቶ እስከ ሶስት መቶ / ይቀጣል፣
   - ለ. ያለ በቂ ምክንያት በግል ይዞታውም ሆነ በወል መሬት የአፈርና ውኃ ዕቀባ ያልሰራ ከብር 20 እስከ 50 /ከሃያ እስከ ሃምሳ ብር/ ተቀጥቶ ያልተሰራውን ስራ ይፈፅማል፣
   - ሐ. በሚታረስ የእርሻ መሬቱ ላይ ቤት የሰራ የሰራውን ቤት አፍርሶ ብር 50 / ሃምሳ ብር/ ይቀጣል፣
   - መ. ከወጣው የመሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ ውጪ የተጠቀመ ወይም ዕቅዱን ተግባራዊ ያላደረገ ለመጀመሪያ ጊዜ ከብር 100 እስከ 300 /ከአንድ መቶ እስከ ሶስት መቶ ብር/ ተቀጥቶ በእቅዱ መሰረት እንዲሰራ ይደረጋል፡፡ ጥፋቱ የሚደጋገም ከሆነ የመጠቀም መብቱ ሊያጣ ይችላል፣
   - ሠ. በራሱ መሬትም ሆነ በሌላው የተሰሩ ህይወታዊና ፊዚካላዊ የአፈርና ውሃ ዕቀባ ስራዎች ያፈረሰ እንደሁኔታው ከብር 100 እስከ 200 /ከአንድ መቶ እስከ ሁለት መቶ ብር/ ተቀጥቶ ያፈረሰውን መልሶ እንዲሰራ ይገደዳል ፣
   - ረ. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 11 ንኡስ አንቀጽ 1 ፊደል /ሀ እስከ መ/ እንዲሁም አንቀጽ 17/3/ የተደነገጉት ግዴታዎች የጣሰ/ የተላለፈ ከብር 200 /ሁለት መቶ ብር/ ያላነሰ ከብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ ያልበለጠ ይቀጣል ፣
   - ሰ. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 13 ንኡስ አንቀጽ 2፣ 3፣ እና 5ን በመጣስ በሚታረስ እርሻ የመሬት ለምነትን የሚፃረሩ ተግባራት የፈጸመ ከብር

100 ክሳብ 1000 /ካብ ሓደ ሚእቲ ክሳብ ሓደ ሽሕ ብር/ ተቐፂዑ ብዘይኣግባብ ንዝተኸሎም ኣግራብ ከልዕል ይግደድ፣

ቀ. ካብ መንግስቲ ወይ ከብ ሓረስታይ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ተባሂሉ ብዘውፅእ ደንቢ መሰረት ኣብ ግራቱ ዝተወሰነ በዝሒ ኣግራብ ዘይተኸለ ካብ ብር 500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ይቕፃዕ፣

በ. ካብ መንግስቲ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ መሬቱ ብክፋል ወይ ብሙሉእ ንካሊእ ሰብ ዘካረየ ካብ ብር 500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሺሕ ብር/ ተቐፂዑ ዝኣተዎ ውዕሊ ኪራይ መሬት ይፈርስ፣ ዝረኸቦ ጥቕሚ'ውን ናብ መንግስቲ ክኣቱ ይገብር፣

ተ. ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ዝተውሃቦ መሬት ወፃኢ ካብ ዘሎ ትርፊ መሬት ወይ ናይ ካሊእ ሰብ ትሕዝቶ ብሓይሊ ወሪሩ ወይ ደፊሩ ዝሓዘ፣ ዝሓረሰ፣ ገዛ ዝሰርሐ፣ ብዘይኣግባብ ዝተገልገለ ወይ ብዝኾነ ካሊእ ምኽንያት ሀውከት ዝፈጠረ ካብ ብር 500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር / ተቐፂዑ ብዘይ ኣግባብ ዝሓዞ መሬት ይሕደግ፣ዝሰርሖ ገዛ ክፈርስ ይግበር፣ ብዘይኣግባብ ካብ ዝሓዞ መሬት ዝረኸቦ ጥቕሚ'ውን ክምልስ ይግደድ፡፡

3. ዝኾነ በዚ ኣዋጅን ኣግባብነት ብዘለዎ ካሊእ ሕግን ኣብ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ስልጣን ዝተውሃቦ ሰብ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተቐመጡ መገደድቲ ድንጋገታት ብምጥሓስ /ብምትሕልላፍ/ መጠኘ፣ ላወጣ፣ ውህብቶ፣ ኪራይ፣ ውርስን ሽግሽግን ዝፈቐደ እንተኾይኑ ብገበን ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝበፅሕ እስራት ወይ ካብ ብር 300 ክሳብ 2000/ ካብ ሰለስተ ሚእቲ ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር/ ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ወይ ብክልቲኡ ይቕፃዕ፣

4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፊደል "ሀ ክሳብ ረ" ንዘለዉ ናይ ገበን ተግባራት ኣብ ጣብያ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርኣዩ ኮይኖም ካብ ፊደል "ሰ ክሳብ ተ" ክምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተዘርዘሩ ተግባራት ገበን ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝረኣዩ'ዮም፡፡



100 እስከ 1000 / ከአንድ መቶ እስከ አንድ ሺህ ብር/ ተቀጥቶ ያላግባብ የተከላቸውን ዕፅዋት እንዲያነሳ ይገደዳል፣

ሸ. ከመንግስት ወይም ከአርሶ አደር መሬት የተከራየ ባለሃብት ይህን አዋጅ ማስፈፀሚያ ተብሎ በሚወጣ ደንብ መሰረት የተወሰነው ተክሎች ብዛት ያልተከለ ከብር 500 እስከ 5000 /ከአምስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ይቀጣል ፣

ቀ. ከመንግስት መሬት የተከራየ ባለሃብት የተከራውን መሬት በከፊል ወይም በሙሉ ለሌላ ሰው ያካረየ ከብር 500 እስከ 5000 ብር / ከአምስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ተቀጥቶ የገባው የመሬት የኪራይ ውል ይፈርሳል፣ ያገኘው ጥቅምም ለመንግስት ገቢ ያደርጋል፣

በ. በሕጋዊ መንገድ ከተሰጠው መሬት ውጪ ካለ ትርፍ መሬት ወይም የሌላ ሰው ይዞታ በኃይል ወርሮ ወይም ገፍቶ የያዘ፣ ያረሰ፣ ቤት የሰራ፣ ያለ አግባብ የተገለገለ ወይም በማንኛውም ሌላ ምክንያት ሁከት የፈጠረ ከብር 500 እስከ 5000 /ከአምስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ተቀጥቶ ያለአግባብ የያዘውን መሬት ይነጠቃል፡፡ የሰራው ቤት እንዲፈርስ ይደረጋል፣ ያላግባብ ከያዘው መሬት ያገኘውን ጥቅምም እንዲ መልስ ይገደዳል፡፡

3. ማንኛውም በዚህ አዋጅና አግባብነት በለው ሌላ ህግ ገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት ስልጣን የተሰጠው ሰው በዚህ አዋጅ የተቀመጡትን አስገዳጅ ድንጋጌዎች በመጣስ /በመተላለፍ/ የጎጆ መውጫ፣ ልውውጥ፣ ውርስ፣ ስጦታ፣ ኪራይና ሽግሽግ የፈቀደ እንደሆነ በወንጀል ህጉ የበለጠ የሚያስቀጣው ካልሆነ በስተቀር እስከ ሁለት ዓመት ሊደርስ በሚችል እስራት ወይም ከብር 300 እስከ 2000 /ከሶስት መቶ እስከ ሁለት ሺህ ብር / በሚደርስ መቀጮ ወይም በሁለቱም ይቀጣል ፣

4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 ፊደል "ሀ እስከ ሠ" ለተዘረዘሩት የወንጀል ተግባራት በቀበሌ ማሕበራዊ ፍርድ ቤት የሚታዩ ሲሆኑ ከፊደል "ረ እስከ በ" እንዲሁም በንኡስ ዓንቀፅ 3 የተዘረዘሩት የወንጀል ተግባራት ደግሞ በወረዳ ፍርድ ቤት የሚታዩ ናቸው፡፡

## 30. ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

1. ብዝፍጠር ለውጥን ምዕባለን ዝሀሉ ዝተመሓየሸ አጠቓቕማ መሬት ገጠር ኣብ ግምት ዘእተወን በብእዋኑ ዝመሓየሽን መሪሕ ትልሚ አጠቓቕማ መሬት ገጠር ይህሉ፣
2. ካብቲ ዝሕንፀፅ መሪሕ ትልሚ (ማስተር ፕላን) ወፃኢ ኣጠቓቕማ መሬት ምልዋጥ አይከኣልን፣
3. ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ብዝምልከቶ አካል አቢሉ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝርከቡ ኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገጠርን ዴስክን ብምትሕብባር ዘድሊ ሙያዊ ደገፍ ብምሃብ አዋጅ ፌዴራልን ነዚ አዋጅን ናይ ምፍፃም ሓላፍነት አለዎ፡፡

## 31. ብዛዕባ ምውፃእ ደንብን መምርሕን

1. ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ትግራይ ነዚ አዋጅ መፈፀምን እዚ አዋጅ ተግባራዊ ዝኾነሎም ዞባ ምዕራብን ካልኦት ተመሳሳሊ ከባቢታትን ዝምልከት ዝርዝር ደንቢ የውፅእ፣
2. ዝምልከቶ አካል ንኣፈፃፅማ እዚ አዋጅን ስዒቡ ዝወፅእ ደንቢን ዝርዝር መምርሒ ከውፅእ ይኽእል፡፡

## 32. ዝተሰዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎምን ሕግታት

1. ኣጠቓቕማ መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 23/ 1989፣ አጠቓቕማ መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 23/1989 ንምምሕያሽ ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 55/1994 ዓ/ም ከምኡ'ውን ምምሕዳርን አጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 97/98 በዚ አዋጅ ተሳዒሩ አሎ፣
2. ነዚ አዋጅ ዝፃረር ዝኾነ አዋጅ፣ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ድማ ናይ አሰራርሓ ልምዲ ኣብዚ አዋጅ ንዝተደንገጉ ጉዳያት ብዝተመልከተ ተፈፃምነት አይህልዎን፡፡

## 33. መሰጋገሪ ድንጋገ

እዚ አዋጅ ቅድሚ ምውፅኡ፡-

1. ዝተገበሩ ውዕላት ላውጣን ክራይ መሬት ገጠርን በዚ አዋጅ ከምዝተፈፀሙ ይቑፀሩ፣



## 30. ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

1. በሚከሰት ለውጥና እድገት የሚኖር የተሻሻለ የገጠር መሬት አጠቃቀም ግምት ውስጥ ያስገባና በየጊዜው የሚሻሻል የገጠር መሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ ይኖራል፣
2. ከሚዘጋጀው መሪ ዕቅድ (ማስተር ፕላን) ውጪ የመሬት አጠቃቀም መለወጥ አይቻልም፣
3. የግብርናና የገጠር ልማት ቢሮ በሚመለከተው አካል አማካኝነት በተለያየ ቦታ የሚገኙ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴዎችና ዴስኮች በማስተባበር አስፈላጊውን የሙያ ድጋፍ በመስጠት የፌዴራል አዋጅና ይህን አዋጅ የማስፈፀም ሓላፍነት አለው፡፡

## 31. ደንብና መመሪያ ስለማውጣት

1. የትግራይ ክልል የስራ አስፈጻሚ ምክር ቤት ይህን አዋጅ ለማስፈጸምና ይህ አዋጅ ተግባራዊ የሚሆንባቸው የምዕራባዊ ዞንና በሌሎች ተመሳሳይ አከባቢዎች በተመለከተ ዝርዝር ደንብ ያወጣል፣
2. የሚመለከተው አካል ለዚህ አዋጅና ቀጥሎ ለሚወጣ ደንብ ማስፈጸሚያ ዝርዝር መመሪያ ሊያወጣ ይችላል፡፡

## 32. የተሻሩና ተፈፃሚ ስለማይሆኑ ሕጎች

1. የትግራይ ክልላዊ ብሄራዊ መንግስት የገጠር መሬት አጠቃቀም ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 23/1989 ፤ የገጠር መሬት አጠቃቀም ለመወሰን የወጣውን አዋጅ ቁጥር 23/1989 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 55/1994 እንዲሁም የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀምን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 97/98 በዚህ አዋጅ ተሽሯል፡፡
2. ይህን አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም አዋጅ፣ ደንብ፣ መመሪያ ወይም የአሰራር ልምድ በዚህ አዋጅ የተደነገጉትን ጉዳዮች በተመለከተ ተፈፃሚነት አይኖረውም፡፡

## 33. የመሸጋገሪያ ድንጋጌ

ይህ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት፡-

1. የተደረጉ የገጠር መሬት ልውውጥና የኪራይ ውሎች በዚህ አዋጅ እንደተፈፀሙ ይቆጠራሉ፣

2. ክሳብ ሐዚ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር፣ ወረዳ ዴስክን ስሩዕ ኣብያተ ፍርድን ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ውሳነ ዘይረኸቡ ናይ መሬት ገጠር፣ ተንከፍ ክትዓት ወይ ክርክራት ይግበኣኒ ሓዊሱ ብዚ ኣዋጅ ስልጣን ንዝተውሃቦም ኣካላት ዳይነት ተዛዊሮም እናተርኣዩ ዝውሰኑ ይኾኑ፡፡

## 34. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ

እዚ ኣዋጅ ካብ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

*መቐለ*

**ፀጋይ በርሀ**
**ፕሬዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ**
**መንግስቲ ትግራይ**



2. እስከ አሁን በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ፣ በወረዳ ዴስክ እና በመደበኛ ፍርድ ቤቶች ላይ በሂደት ያሉ ውሳኔ ያላገኙ የገጠር መሬት ነክ ክርክሮች ይግባኝን ጨምሮ በዚህ አዋጅ ስልጣን ለተሰጣቸው የዳኝነት አካላት ተዛውረው እየታዩ የሚወሰኑ ይሆናሉ ፡፡

## 34. አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከታህሣሥ 5/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል፡፡

*መቐለ*

**ፀጋይ በርሀ**
**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ**
**መንግስቲ ፕሬዚዳንት**